# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 273 | 31 ግንቦት 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ቀዳም

ገጽ 3
እተን መናቱ ቃልሲ




ገጽ 4
“እምነት ገኸተሃጸ ...”



ገጽ 8
ተኹላ ከተማ

ገጽ 10
ምምጋብ ኣናህብ ኣብ ቆፎ



ገጽ 11
ሻምፕዮን ኤርትራ 2014



# ኣብ ሆላንድ፡ በልጂዩም፡ ብሪጣንያ፡ ሽወደን፡ ፈረንሳን ጀርመንን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ጽንብል ናጽነት ኣብዒሎም



ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ንመበል 23 ዓመት በዓል ናጽነት፡ “ንርህው ጸባሕ፡ ሎሚ ንሰራሕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሓበንን ድሙቕ ኣገባብን ከምዘብዓልሉ፡ ከኣብ ቦትኡ ዝበጽሓና ጸብጻባት ኣመልኪቱ፤

ኣብ ሆላንድ፡ በልጂዩም፡ ዓባይ ብሪጣንያን፡ ሽወደን፡ ፈረንሳን ጀርመንን ዝቕመጡ ኤርትራውያን በብከባቢኦም ኣብ ዘካየድዎ ስነ ስርዓት፡ ንናይ ሎም ዘበን ቴማ ብዮዝበሪ ንምዕዋትን ንደቀም ብሃገራዊ ክብርታት ንምኽሳስን ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ሆላንድ ኣብ ዝተኻየደ ብኣሽሓት ዝቖጽሩ ኤርትራውያንን ዕድመ ዝተገብረሎም ወጻእተኛታት ኣዕሩኽ ኤርትራን ኣብ ዝተረኽብሉ ድሙቕ ጽንብል፡ ቆንስል ኤርትራ ኣብ’ታ ሃገር ኣቶ ሰለሙን መሓሪ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ዝተኻየደ ቃልስን ዝሓተቶ ዋጋን ከምኡ’ውን ናጽነት ዘስዓቦ ሪዚን ሓላፍነት ንምትግባር ብህዝብን መንግስትን ንዝካየድ ዘሎ ስራሕ ዝገልጽ መደረ ብምቕራብ፡ ንወለዶታት ዝቕጽል ዕማም ህንጸት ሃገር ንምዕዋት፡ ዜግነታዊ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ከምዝኾነ ኣዘኪሩ።

ኣብ በልጂዩም ዝቕመጡ ኤርትራውያን ድማ፡ ጽንብል ናጽነቶም ድልውነቶም ንዘበርኽ መኸተን ልምዓት ሃገርን ብዘንጸባርቕ መገዲ ከምዘብዓልዎ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣብሪሁ።

እቶም ዜጋታት ኣብ ዘካየድዎ ምዕሩግ በዓሎም፡ ንናጽነት ዘምጽአ ልዑል ኒሕ፡ ንሰላምን ልምዓትን ክሰርሕ ሎሚ’ውን ከም ወትሩ ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ንቕሓቶም ክብ ኣቢሎም መኸተኦም ከምዝሓይሉ ኣረጋጊጾም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ከተማታት ለንደን፡ ማንቸስተር፡ ኮቨንትሪ፡ ሸፊልድ፡ ኒውካስል፡ ለስተር፡ ኖቲንግሃምን ስኮትላንድን - ዓባይ ብሪጣንያ ዝቕመጡ ኤርትራውያን በብወገኖም፡ ብውዕውዕ ህዝባዊ ጓይላ ዝተሰነየን ዝተፈላለዩ መዘናግዒታት ዝቐረበሉን ስነስርዓት ከምዝዘከሩ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ንሳቶም፡ መሳርያም ኣስጢሞም ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ድልውነቶም ብምርግጋጽ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን የዋና ኢሎም።

ከርተ፡ ስቶክሆልም - ሽወደን ብወገኖም ኣብ ዘካየድዎ ካብ ኤርትራ ብዝመጹ ወናምት ደምጻውያን ዝማዕረገ ጽንብል፡ ንሓበታም ባህላዊ ጸባቓን ወርሻን ሃገርና ዘንጸባርቕ መሳጢ መደባት ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ኣብ መስመር መንሱራ - ሓጋዝ ንተሸከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ ሩባ ተጸጊኑ

ኣብ መስመር መንሱራ - ሓጋዝ ንተሽከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ንዝጸንሐ ሩባ መርግርጊት፡ ህዝቢ ንኡስ ዞባ መንሱራ ጉልበቱን ገንዘቡን ኣወሃሂዱን ብደገፍ ህዝባዊ ሰራዊትን ተሃጺፊ ቢንቶ ሰሪሑሉ።

ኣብ መዘዞሚ ናይ’ቲ ስራሕ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንሱራ ኣቶ ሸኾዲን ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ’ቲ ንኡስ ዞባ ምስ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ተወሃሂዱ ብዘሰላስሎ ዘሎ ማሕበራዊ ንጥፈታት ብርክት ዝበለ ዕማማት ከምዘተሳለጡ ብምጥቃስ፡ ሩባ መርግርጊት ንምፍዋስ ህዝቢ ብዘበርክቶ ብገንዘቡን ጉልበቱን ተሃጺፊ ቢንቶ ከምዝሰርሓሉ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቀጠባዊ ልምዓት ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሑመድ ፈጊ ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ መቐጸልታ ናይ’ቲ ህዝቢ ብጋንታታት ማሕበራዊ ተወዲቡ ዘሰላስሎ ዘሎ ማሕበራዊ ንጥፈታት ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ዛጊት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ኣመስጊኑ።

ኣባል ባይቶ ኣቶ ኣቡበከር ሑመድ ከኣ፡ እቲ ስራሕ ንሓያል ውዳቤን ወሀደትን ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ዘለዎ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ኪጋጥም ዝጸንሐ ሽግር ንምቅላል ሓጋዚ ከምዝኾነ ብምምልካት፡ ህዝቢ ጸገማቱ ንምቅላል ተመሳሳሊ ተበግሶ ክወስድን ውዳቤኡ ክሓይልን ኣዘኻኺሩ።

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ኣብ ሆላንድ፡ በልጂዩም፡ ብሪጣንያ. . .

ኣብ ፓሪስን ከባቢኣን ድማ፡ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ህገራዊ ረብሓታትን ዝዕየዱ ተጻባኣታት ዘጸርን ንመኸተ ህዝቢ ዘሐይልን ትሕዝቶ ዘለዎ መደብ ከምዝቐረበ ተፈሊጡ።

ነበርቲ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን - ጀርመን ብወገኖም ኣብ ዘቃንዕዎ ብውዕውዕ ሃገራዊ ወኒን ደምቀትን ዝተሰነየ በዓል፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንተጻባኣታት ብንቕሓት ገጢሞም ዕርቃኑ ኣብ ዘውጽኡሉ እዋን ብምኽያዱ፡ ሓበን ከምዝሰመዖም ገለጹ።

ብኻልእ ወገን ድማ፡ ተቐማጦ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘዕየድዎ ውዕውዕ በዓል ናጽነት፡ ኣዕላት ሃማደኤ ንብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራን ኣብኡ ዘሎ ጸገማት ሓደጋትን ዘንጸባርቕ መደባት ብምቕራብ ደምቀት ከህብኦ እንከለዉ፡ ብዝተፈላለዩ ባህላዊ ማሕበራውያን ስፖርታዊ መደባትን ማዕረት ከምዝዘበረ፡ እቲ ዘጽሓፍና ሓበሬታ ኣመልኪቱ። እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ነበርቲ ሲያትል፡ ለሳኣንጀለስን ጃክሰንቪልን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብርክት ዝበሉ መሓዙት ኤርትራ ዝኾኑ ወጻኢተኛታት ዝተሳተፍዎ ምዕሩግ ስነስርዓት ከካይዱ እንከለው፡ ከንቲባ ከተማ ሲያትል - 24 ግንቦት ኣብ ዓውደ-ኣዋርሕ'ታ ከተማ 'መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ' ኮይና ክትዝከር ከምዝወሰነ ተፈሊጡ።



# ገበን ዝከላኸሉ መንእሰያት ንምምልማል፡ ተራ ኣብያተ-ትምህርቲ ክሕይል መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ክብርታቱ ዝዕቅብን ብስነ-ምግባር ዝልለን ብኹሉ ንትንኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምምልማል፡ ተራ ኣብያተ-ትምህርትን መማህራንን ክዕዘዝ፡ ኣዘዚ 2ይ መደበር ፖሊስ ዞባ ማእከል ሜጀር ወልዱ ዘወልዴ፡ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ወሰዴ፡ መማህራንን ተመሃሮንዝተረኽቡሉ ኣብ ምኽልኻል ገበናት ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ሜጀር ወልዱ፡ ስነ-ምግባር ተመሃሮ ካብ ምኽባር ሕጊታት ቤት-ትምህርቲ ከም ዝበገሰ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ብስነ-ምግባር ተኸሊኸሎም፡ ኣፍልጦ ሕጊ ከምኡ'ውን ገበናን ሳዕቤናቱን ፈሊጦም ክዕብዩ ከምዝዎጎኡ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ተራ ወለድን ኣብያተ-ትምህርትን ብዘለዓለ ክዕዘዝ ከምዝዎጎኡ ኣስምሪሉ።

"ብዲሲፕሊን ዝልለ መንእሰይ፡ ታሪኹ ኣብ ምዕቃብን ዕማሙ ብኣግባቡ ኣብ ምፍጻምን ወትሩ መሪሕ'ዩ" ዝበለ ሜጀር ወልዱ፡ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ተማሃሮ ዘተኮረ ቀጻሊ ሰሚናራት የካይድ ከምዘሎ፡ እንተኾነ ግን ንሱ ጥራይ ኣኻሊ ስለዘይኮነ፡ ተራ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ ካብ ዝተኻታተሉ ወሰዴ ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ተመሃሮ ኺ ኺ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንቕሓቶም ዘበርኽ ዝተፈላለየ ዛዕባታት ዝሓዘ ኣስተምህሮታት ክወሃቦም ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሮም።

ተመሃሮ ብዋገዶኦም፡ ብፖሊስ ዝወሃብ ቀጻሊ ኣስተምህሮታት፡ ብጽልዋ መዛና ተደፋፊኦም ካብ ስነ-ምግባር ወጻኢ ከይከዱ ምእንቲ ሓጋዚ ምዃኑ ብምብራህ፡ እቲ መደብ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ

# ፎሮ፡ ብቑዓት ተመሃሮ ክብ ንምባል ብውህደት ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ብኩሉ ንትናኦም ብቑዓት ተመሃሮ ንምፍራይ ቀዳምነት ተዋሂቡ ብውህደት ይስራሓሉ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እስማዒል ዓሊ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ጥቕምን ኣገዳስነትን ትምህርቲ ዝተገንዘበ ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ምኽፋት ሓደስቲ ኣብያተ-ትምህርትን ምስራሕ ተወሳኺ ክፍልታትን ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ገለ ከባቢታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ምኽትታል ወለዲ ንተመሃሮ ደቆም ከም ቲ ዝድለ'ኳ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ዝቐጸል ዓመተ-ትምህርቲ ግን ኩሉ ወላዲ ርድኢቱ ኣበሪኹ ብዕቱብ ክንቀሳቐስሉ ምዃኑ ሓቢሩ።

መምህር እስማዒል ዓሊ ኣብ መወዳእታ፡ ብቑዕን ኣፍራይን መንእሰይ ንምህናጽ ነፍሲ-ወከፍ ወላዲ ኣብ ምኽትታል ውሉዱ ዝያዳ ክሕይል፣ ትካላት መንግስቲ ድማ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብውህደት ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ሸድሽተ መዋእለ ህጻናት፣ ኣርባዕተ ኮማዊ መዋእለ-ህጻናት፣ 18 መባእታ፣ 7 ማእከላይን ሓንቲ ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ግቡእ ንጥፈታተን የሳልሳ ኣለዋ።

ኣብዘን ዝተጠቕሳ ትካላት-ትምህርቲ ድማ፡ 30 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም ኣስታት 4 ሽሕ ተመሃሮን 131 መምህራን ከምዘለዉ፡ ሰነዳት ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ናይቲ ንኡስ ዞባ የመልክት።

# ዳየሪ

ሱራፌል ተ/ብሩኽ

## ጆርናል

### ፋልመይቲ ገጽ...

## “እምነት ንኽትሃንጻ ...”

10 መጋቢት 2014 4፡00 ድ.ቐ.

ዳየሪ ምጽሓፍ ካብ ዝጀምር ክንደይ ኰይኑ ኣሎ? ክልተ... ሰለስተ ዓመት! ይኸውን እዩ። ዳየሪ ንኽጽሕፍ ዝደረኸትኒ ሰምሃር ጓለይ'ያ። ካብ ማእከላይ ደረጃ እንክላ'ያ ምጽሓፍ ጀሚራ። መንዩ መኺሩላይ ኣይፈልጥን። ካብ ትምህርቲ ኣትያ ድሕሪ ምሳሕ ደዩ ጣዕሞት ናብ ዳየሪኣ'ያ ትትከል። ኣብ መጀመርታ ዕዮ ገዛኣ ትሰርሕ ዘላ እመስለኒ ነይሩ። ብዘይ መጽሓፍ፡ ብዘይ ምንባብ ከየዕረፈት ንዓሰርተ-ዕስራ ደቒቕ ክትጽሕፍ ጥራይ ግን ካልእ ክኸውን ኣለዎ ኢለ ሓሰብኩ። ሓደ እዋን ኣብ ሰምዒት ኣትያ እናጽሓፈት እንከላ፡ “ኢታ ዝጽቢያ ዝነበርኩ መዓልቲ ባዕላ ለሚ መጺኣ፧” ዝብል ክትጽሕፍ ስርቕ ኣቢለ ርእየያ። ሰምሃር ጓለይ ኣብ ዘይብሉ ግዜ ከንብቦ ኢለ ግንጽል ምስ ኣበልኩ፡ “ብዘይ ፍቓድ ምንባብ ኣይፍቀድንዩ፧” ዝብል መምርሒ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ዳየሪኣ ነይሩ። እዚ ግን ካብ ገንጺለ ምንባብ ኣይምኸልከለንን። ኣብ ትሕቲኡ ብፍሩይ ዝተጻሕፈ፡ “እምነት ክትሃንጻ ዓመታት'ያ ትወስድ፡ ኩተዕኑዋ ግን ካልኢት'ኳ ይበዝሓ!” ዝብል ነይሩዋ። እዚ እናረኣኹ ከንብብ ኣይከኣልኩን። ብዙሕ ግዜ ከይተዛረብኩ ተኸታቲልያ። ንብዙሓት ናይ ትምህርታ፡ ጸወታኣ፡ መሓዙታን ናይ ስድራቤትናን ኣጋጣሚታት ጽሒፋትለም። ሓቒቃ ኣብ ትመጽኣሉን ኣነ ዝተቛየቖኩዋን ግዜ ነዊሕ'ያ ትጸንሕ። ኹራኣ ጉዲፉ ከኣ ትወጽእ። እሞ እዛ ዳየሪስ ገለ መንፈስ ኣለዋ ኢለ።

ሰምሃር ኑቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ሻድሻይ ሻውዓይ ክፍሊ እንከላ ዝጸሓፈቶ ዘስሕቓ ኣጋጣሚታት ሳሕቲ እናንበበት ተዘናግዓኒ ነይራ። ኣቦኣ ጉዲፉና ምኻዱ ጠንቂ ኣነ ዝመስላ ግዜ ነይሩ። ንወላዲኣ ኣዚያ ተፍቅሮ ነይራ። ንሱ ግን ናይ ኢዳ ኣይሃጥን። ካልኣይ ደረጃ ክሳብ እትኣቱ ግድን ኰይኑዋ'ያ ምሳይ ትኸይድ ነይራ። ናይ ኣቦኣ ተግባር ቀስ ኢሉ ምስ ተሰወጣ ግን ብጣዕሚ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ትጉብረለይ እናጠፍኣ መጺኣ። ብዛዕባይ ዝጸሓፈቶ ሕንቅንቕ እናበለት ኣንቢባትለይ ነይራ። እዛ ሓንቲ ጓለይ ከቢድ ህይወት ተሕልፍ ምንባራ ተረዲኣኒ። ንመጀመርያ ግዜ ተሓቢአ ዳየሪኣ ምንባበይ ኣጣዒሱኒ።

“ሰምሃረይ ከምዛ ናትኪ ጽብቕቲ ዳየሪ ክትገዝእለይ ኢኺ፧” ኢለ ሰልዲ ምስ ሃብኩዋ ንምሽታ'ያ ኣምጺኣትለይ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ እቲ “ብይነይ'የ! በይነይ እንደየ ኰይነ” ዝብል ዝነበረ ውሽጣዊ ሰምዒተይ ዓሪፉለይ። ከምዛ ጸጋዊ ዝረኸብኩ ምልኣት ተሰሚዑኒ። ኣብ ዓራተይ ነዊሕ ቀው ኢለ ጠሚተያ። ኣብ ውሽጣ ዝኸውን ከም ዘይብላ ይፈልጥ እኳ እንተኾንኩ፡ ክግንጽላ ፍቓዳ ግዲ ተጸቢየ ምድፋር ስኢነ። ደሓር ግን ቢሮ ኣልዒለ ገንጺለያ። እንታይ ከም ዝጽሕፍ ኣይፈለጥኩን። ምሸት ምሸት ይኸፍታ፡ እቲ ንብይነይ ዝጸርኩዎ ኣደራዕ፣ እቲ ናይ ዓሰርተ ዓመት ጽምዋይ፣ እቲ ዘሕለፍኩዎ ከርተት፣ እቲ ከም ዘይሰማዕኩ ኰይነ ዝሓለፍኩዎ ጸለመ፣ እቲ ብማዕዶ ተባሂጊ ፍሩታ፡ ምስ ቀረብኩዎ ግን ዝሓሰኸ ኰይኑ




ዝጸንሐ በዓል ቤተይ፣ ሰምሃር ጓለይ እናኸርኢ ዝረኸቦ ዕረፍቲ፣ ኣብ ትምህርታ ነፊዓ እንክርእያ ዝስምዓኒ ስምዒት፣ ህይወተይ ተሓጉሳ ንኽርእያ ዝጽዕር፣ ... ወዘተ. በዮኖም ከም ዝጀምር ግዲ ጠፊኡኒ እርእያ ጥራይ። ብምርኣይ ጥራይ ብዙሕ ዕረፍቲ ይስምዓኒ ነበረ። ሰምሃር ከኣ ምሸት ምሸት “ጀሚርኪያዶ!? መጀመርታ ዝጸሓፍኪያ ክርእያ እደሊለኹ ማማየ፧” ክትብል ሞኽ ኣቢላትኒ። ሓንቲ ምሸት ደፊረ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ክልተ ምሉኣት ሓሳባት ጽሒፈ። ንሰምሃር ጓለይ ከኣ “ከምታ ቃልኪ መጀመርታ ዝጸሓፍኩዋ ኣንቢበያ። ድሕሪኡ ግን ...፧” በልኩዋ። ሰምሃረይ እናዝለለት መጺኣ ተቐቢላትኒ።

“ብዘይ ፍቓድ ምንባብ ኣይፍቀድን!”

“እምነት ክትሃንጻ ዓመታት'ያ ትወስድ፡ ኩተዕኑዋ ግን ካልኢት'ኳ ይበዝሓ!”

ዝብል ክልተ ዝተቐድሐ ሓሳባታ ጥራይ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ጸንሓ። ክንጾኡ ዋላ ሓንቲ ኣይጸሓፍኩን። “ኤእ...ኤእ... ኣይትግንጽሊ! ቃልና መጀመርታ ዝጸሓፍኩዋ ንኽትርእዪ'ዩ ነይሩ። መጀመርታ ከኣ ንዕኣንየ ጽሒፈ፣ ኣኸለ!” ኢለ ከሕድጋ ክጉየ፡ ንሳ ተሓቢኣ ኩተንብብ ክትሃድም ንእሽቶይ ጭርጭር ዓቢዳ ተጻዊትና። ገንጺላ እንተረኣየት ግን ጻዕዳ ገጽ ጥራይ ነበረ።

መና ነጋሽ

## ፍልስፍና ዓፀየይ

### ማይነፍሒ

15 ጥሪ 2014

ኣብ ህይወት ናይ ኮሌጅ፡ ዓመት መጸ ዝደጋገም ሓደ ባህሪ ኣሎ - ዘይምርግጋእ ዝፈጠሮ ደንበርበር ናይ ሓደስቲ “ፍረሽ”። ሓደ ካብኡ ናብ ላይብረሪ ዓሰርተ ግዜ እናኣተኻ ምስ ሓንቲ ግንንቲ መጽሓፍ ፊትንፊት ምፍጣጥዩ። ኣነውን ከም ዓለመይ ሓንቲ ካብቶን ስሙያት መጽሓፍ “Raven & Johnson” ኣንጠልጢለ ናብ ሓደ ጸግዒ ኣቕናዕኩ። እንተኾነ መምጽኢያይ ረሰዐ ናብታ ፊተይ ዝነበረት ሂዋን ጠሚተ። ዝሓዘቶ መጽሓፍ ርኢኻ ፍረሽ ዘይምዃና ፍሉጥዩ። ሻቡ ድማ ፍልስፍና ዓፀየይ ቅጅል በለኒ። “ንዝኾነ ዘጋጠመካ ሓድሽ ነገር ኣይትጃጀወሉ፣ ዓጠምጠም ኣብሎ ዘውዓለካ ክትውዕል፧” ይብል። በዚ ተደፋፊአ፡ “ጽብቕቲ ሓንቲ ሕቶ ክሓተኪ?” ዝብል መልእኽቲ ኣብ ወረቐት ጽሒፈ ሰደድኩላ።

“sorry ምስ ፍረሽ ከዕልል ፍቓደኛ ኣይኰንኩን፧” ኣብ ወረቐተይ ጽሒፋ መለሰትለይ። ዋላ'ኳ መልሳ “ኣስፐሪን” ዘውሕጥ እንተኾነ፡ ሓደ ነገር ምምላሳ ግና ከም ዓወት ወሰድዮ።

“እሞ እዚ ኣብ ልዕሊ ርእሰይ ኣንጠጥዩ ዘሎ ዝግደሶ እንተዝይኰኑ'ኸ?” ደጊመ ጽሒፈላ።

“መን ደኣ ትብሃል? ኣቶ ደብና። በዚ ክትሓተኒ ትሻባሸቦ ዘለኻ ክንደይ ደረጃ በጺሕካ?” ወሰኸትለይ።

“ኣዚለ! ሰለይ እንተኣቢልክኒ ድማ ንመን ኢልዎ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ይምረቕ ይኸውን፧” መለሰላ። “Big...Big sorry ከም ኣዕዋፍ ብቐንፎም ዙብርኑን ዝበሩን እምበር ንኸምዚ ከማኻ ጐብየ ዞሳሊ ግዜ የብለይን፧” ንኣቃጫጭ ደዩ ንመስሓቕ ዝሓሰቡቶ ዘይፈለኽዎ መልሲ ጸሓፈትለይ።

“ጽብቕቲ...ጐብየውን ንማንቲለ ስዒሩ ዝተዓወተሉ መድረኽኩ ኣሎ፧”

“ኣንታ ሓወይ ገፊፍ እናበለት ትምህር ዓቕምኻ ድለ” ተዋሪዘዮት።

ምድሃል ዝበሃል ኣብ ጥቓይ ኣይነበረን። “ግዜኺ ከየጥፍኣልኪ ቁጽሪ ተሌፎንኪ እንተትህብኒ ክንደይ ደስ ምበለኒ፧” ክትጽሕፈለይ እናተጸበኹ፡ ብቅልጡፍ ሓንጢጣ ኣቐበለትኒ። ግን ኑቲ ቁጽሪ ነቢብ ሰንበድኩ። ኑቲ ኣጋጣሚ ኣይመርገም ኣይምርቓ ቁጺረዮ። ንካልኣይ ግዜ እተን ቁጽርታት ክትደግመለይ ሓቲተያ።

“ኩተረጋግጽ እንተ ደሊኻ ደገ ወጺእካ ደውለለይ። ግን ኣይትመለስ። ደሓር እዚ ግዜኻስ ብኻ ደቂስካሉ።”

“ጽቡቕ ርኢኻ ኣይትታኸስ ትብል ዓፀየይ፡ እዚ'ሞ ብፍጹም ኣይውዕሎን፧” ጸሓፍኩላ።

“እሂ ናይ መደበር ፖሊስ ወይ ናብ ቅድስቲ ማርያም ከይከውን ፈሪሕካ” ቀጸለት።

“ላእ ናይ ጉዛእ ርእሰይ ቁጽሪ ተለፎን ብምዃኑ'ምበር ገሪሙኒ፧” ንደቓይቕ ተዓኒደት።

“እዚ ዘለናዮ መላለዩ ባይታ ኣይኰነን፧” ኢላ ምስ ጸሓፈትለይ፡ “ብወኸይ ንፍልጠት ኢልካ ዝኣተኻ ሌላ ሒዝካ እንተወጺኻ ክሳራ የብሉን” መለሰላ። ናይ መውዳእታ ዝመስል ጸሓፈትለይ።

“እሽኮ ኣጽንዕ! ኣነ ቅሙጥ ነጥቢ ኣለኒ። ንሽኻ ግን ካብ ባዶ ኢኻ ትብገስ ዘለኻ።” እዚ'ውን ፍልስፍና ዓፀየይ ኣዘኻኸረኒ። “ንፉዕ ሰብ ካብ ዘይብሉ ተበጊሱ ህይወቱ፡ ሓዳሩ ይኣሊ። ሕማቕ ሰብ ድማ ኣቢታ ዝገደፍኦ ቦታ ይኸርም።” ለካ ብሁላት ዓፀየይ ዘይተጸሓፉ መጽሓፍቲዮም። ንኽሎም ከኣ ኣብ ላይብረሪ እረኽቦም ኣለኹ።

ሳይለንሰር

## “ምፍልላይ ኣይከኣልክምን”

22 ጥቅምቲ 2014

“ኣብ ህይወተይ ከማኻ ፈቃር፡ ሓላል፡ ርህሩህ ሰብ ኣየጋጠመንን። ልዕሊ ኑብሰይ ንብጻየይ ትብል ሰብ ኢኻ። ትህበኒ ዘለኻ ምውቕ ፍቕሪ ዝርስዖ ኣይኰንኩን። ቃል ይኹነኒ! ከይጠልመካ። ክሳብ መውዳእታ ምሳኻየ።”

እዚ ቃል ናይ መን ምኳኑ ዝጠፍኣኪ ኣይኰነን ዳየረይ። ምኽንያቱ፡ ሓላለይ ትብለኒ ዝነበረት መን ምኳና ኣብ ሕቖፎኺ ስለ ዘሎ። እወ ናይታ ብፍቕራ ዓቢደ “መጻለሊተይ” ኢለ ዘጠመቕኩዋ ጓል ሂዋን። ኣብ ግዜ ምሕዛኑት ዝሰረትናዮ ዘራኸብ ድልድል ሃንደበት መልክዑ ክትቅይሮ ከቢድን ኣሰንቢድንዩ፡ ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ። ንሳ ግን ባዕላ ካብ ምሕዝኑት ፍቕሪ ይሕሸኒ ኢላ፡ ኣብ ሓሳብ ከም ዝርዕም ገይራትኒ። ኣብ ምሕዝኑት ጽኑዕ እምነትዩ ዘለኒ። ኣብ እምነተይ ክሰዓር ኣይደልንኳ እንተኑበርኩ ብፍቕራ ግን ተሳዒረ።

ንጽምዋይ ከም ወርሒ ኰይና ብርሃና ዝለገሰትለይ፡ ፈቃር እናበልኩ ዝተዛረብኩላ ሊሊ'ያ። ኣብዛ ዓለም ካብ ፍቕሪ ዝዓቢ ነገር ከም ዘየለ ማንም ዝሰማምዓሉ ሓቒዩ። ኣብ ውሽጠይ ምስ ሰፈረ ከኣ ዝዓግት ሕጊ ከም ዘይብሉ ዝያዳ ፈሊጠ። ምስ ሊሊ ፍቑራት ክንከውን ንኽእል ኢና ኢለ ሓሲበዮ ኣይፈልጥን። እቲ ጥቡቕ ምቅርራብና ኣሸኒፉ ናብ ፍቕሪ ኣውዲቑና። ሊሊ ከኣ ኑቲ ድንግል ልበይ ብመፍትሕ ፍቕሪ ከፊታ ምሕዝኑት ኣውጺኣቶ።

ሓሰበ፣ ኣውሪዶ ኣደይብ ንኹሉ ነገራ ተንቲና ናተይ ክትከውን ተመኒያ። ጽቡቕ ሕውነትና ጠቒሙና ከኣ ክንከዋወን ተሓራሪና። ፍቕሪ ሂብካ ፍቕሪ ስለ እትቕበል ኩለንትናይ ንዓኣ ክውፍዮ ምስ ኑብሰይ ቃል ኣትየ። ከም ድላያ ክኾኖላ ድማ ጸዓረ።

ሎሚ ግን ሊሊ “ክሳብ መውዳእታ ምሳኻየ” ትብል ከም ዘይነበረት ፍቕራ ጸንቂቓ። ብሕትው ህይወት ከሕልፍ ፈሪዳትኒ። ድምጻ ብተለፎን'ውን ሃጢሙኒ። ብመሲጅ ድቃስ ንሽእን ዝነበርና ኣዛ ህላወነተይ ምጥያቕ ገዲፋቶ።

ኣብዛ ዓለም ዘሎ ህይወት ሓደ ብሓደ ክንበጽሖ ንብርዩ። እቲ በዓሊ ዓስቢ በደሉ ከይረኸበ ኣይተርፍንዩ። ኣነኸ ኣብ ምንታይ ውዒለ እብደል። ምፍልላይ ቃንዛዩ፣ ቃንዛኡ ክኸእሎ ኣይከኣልኩን። ርቢ ዓርከይ ዝደጋግማ ዝነበረ ቃል ክደግመለይ ሓቲተዮ። “ከይበደልካ ኣይትብደልን ኢኻ፧” ሕርቃነይ ክጻወሮ ኣይከኣልኩን። ትብሎ ዝነበረት ካብ ዝኸረይ ክሕከኽ ኣይከኣለን። “ህይወት ቡቲ ንዓኻ ዝጥዕመካ መገዲ ዘይኰነት ቡቲ ንሳ ዝጥዕማ መንገዲ ትወስደካ'ያ” እናበልኩ ክደዓዓስ እፍትን ኣለኹ። ፍቕሪ ዝመልአት ልበይ ተመሊሰ ጭካኔ ጽልኢ'ን ቂምን ኣይምህራንየ። ተጣዒሳ እንተተመለሰትኒ ይቕረ ክብለላ ብህርፋን ክጽበያየ። ብሩኽ ቅነ።

ኤም. ቲ. - ወዲ ተስፋ



# ምልክታ

ጻሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

### ዞባ ዓንሰባ ከረን

ታኣዊስ ተኽለይ ዘርኣ ምባል ተሪፉ፡ ታዴዎስ ተኽለይ ዘርኣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን17/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 02 ከረን

ወ/ሮ ትዕግስቲ ኢሳቕ ደብረጼን በዓል ቤተይ መርሃዊ በረኸትኣብ ገብረእየሱስ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ኣብ ቀዋሚ ኮሳ ተንቀሳቓሲ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን16/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉት ሰገድ ንገሰ ፡ ኣቦናን ኣደናን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐሰን ዘይንቀሳቐሰን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን14/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ተስፋማርያም ፍጡር፡ ክሱብ ኣቶ ኣብዩ ኣርኣያ ዘርኣም ኣብ ልዕሌኻ ናይ ሓዳር ክሲ ማስረታ ስለዘሎ፡ ን16/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ ምስ ዘይትቐርብ ቤ/ፍ ውሳኔ ክሁብ ምዃኑ ይሕበር።

### ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣልማዝ ወልደየውሃንስ ኣስፍሃ ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ወልደየሱስ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን9/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉብረሚካኤል ሃይለ ተላ ምባል ተሪፉ፡ ጉብረሚካኤል ሓየለ ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን9/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተኺዳን ሓጎስ ዘርኡ ምባል ተሪፉ፡ ሉተኪዳን ሃንስ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

## ምልክታ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ. ማሕበር ንኩሎም ኣባላትን ሓደስትን ወሃንቲ ብርኪ. ኣብ 10ይ ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወሃንቲ ብርኪ. ንኽሳተፉ ይጽውዑ።

ቦታ፦ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ - ( ኣዳራሽ ሰላም )
ዕለት፦ 7 ሰነ 2014

ሰዓት፦ 7:45 ቅድሚ ቀትሪ - ምምዝጋብ ወሃንቲ ብርኪ.
8:30 ቅድሚ ቀትሪ - ምጅማር ኣኼባ

ንድፊ ኣጀንዳ


1. ምጽዳቕ ንድፊ ኣጀንዳ
2. ምምዛዝ ኣባላት ኣዳለውቲ ውሳኔ ኣኼባ
3. ምጽዳቕ ደቓይቕ ናይ ሕሉፍ 9ይ ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ
4. ኣብ 9ይ ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ዝተላዕሉ ነጥብታት
5. ጸብጻብ ንጥፈታት ሃ.ኮ.መኤ
6. ጸብጻብ ናይ ቦርድ
7. ጸብጻብ ናይ ዓመተ 2013 ሕሳባት ምምቕራሕ መኽሰባት
8. ምምዛዝ ኦዲተራት
9. ምርጫ ኣባላት ዳይረክተራት ቦርድ
10. ካልእ ክበዝተየሉ ዘለዎ ኣርእስቲ
11. ምውሳን ዕለትን ቦታን ናይ መበል11 ስሩዕ ኣኼባ ወሃንቲ ብርኪ.

ንኣኼባ ዝምልከቱ ሰነዳት ካብ 3 ሰነ 2014 ጀሚሩ ካብ ቤት ጽሕፈትና ክወሰድ ይከኣል።

እቶም ብኣካል ክሳተፉ ዘይክእሉ ወሃንቲ ብርኪ. ናይ ወኪልና ቅጥዒ ካብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና www.nice-eritrea.com ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 6 ሰነ 2014 ኣብ ዘሎ ግዜ ክልእኩልና ነዘኻኽር።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ. ማሕበር
ብትእዛዝ ዳይረክተራት ቦርድ

---




ንጸባሕ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሲነማ ኢምፔሮ

---

## ሓዳስ መጽሓፍ “ኮኾበይ - ኮኾባ”




- ትዕድልትናን ባህርያትናን እተፍልጠና
- ሰኣን ምፍላጥና ንዘይንጥቀመሉ ተውህቦና እተላልየና
- ኑቲ ዘቕየር ትዕድልቲ ንኽነምሓይሽ፡ ኑቲ ዘይቅየር ድማ ክንቅበሎን ምስኡ ዘሳነ ኣካይዳ ክንክተልን እትሕግዘና
- ኑቲ ዘይተርፍ መናብርቲ ወይ ኣሞረ ናይ ምንዳይ ጉዕዞ እተሕጽረልና ፡ ዘሰማምዓና ንምምራጽ እተኽእለና
- ንዘገድሱናን እንፈትዎምን ንምሕጓስ/ንምምሳጥ ዘኽእል ምኽሪ እትህበናን
- ኣጸቢቕና ንዘይተላለናዮ ሕጊ ተፈጥሮ እተፋልጠናን እትምህረናን

መጽሓፍ “ኮኾበይ ኮኾባ” ብ ናኦድ ኢምባየ
ኣከፋፋሊ.- 07114373 ወይ 07318062

---

# ኣና ካረኒና

## ሓዳስ መጽሓፍ




- ሰፊሕ ደረትን ዕምቆትን ስምዒታት . . .
ፍቕሪ፡ ጽልኢ፡ ቅብጸተ ተስፋ፡ ቁጥዐ፡ ርህረሀ፡
ሓጐስን ሓዘንን ዝሓቐፈት ብልጽቲ ዛንታ . . .
- ሓዳርን ውሽምናን ኣብ ሓደ መድረኽ. . .
- ፍልስፍና ህይወት: ዛንታ ጽኑዕን ርጉእን ሓዳር
- ሓቀኛ ሓጐስ ብቐሊሉ’ዶ ይርከብ፧
- “ኢንታ ዘይብሉ ፍጹም ስነ-ጥበባዊ ዕዮ”
ፍዮዶር ዶስተቭስኪ.




ብሊዮ ቶልስቶይ ተደሪሳ፡ ብሚኪኤል ኣዳም ዝተተርጐመት ብልጽቲ መጽሓፍ. . .
ኣብ ዕዳጋ ቀሪባትልኩም ኣላ!!
ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ብቑ.ቴለ. 07265765 ወይ 07116587 ተወከሱ።

# Zara Mining Share Company

| | |
|---|---|
| **Job Title & number required** | **Training Clerk (01)** |
| Duties & Responsibilities | Provide a professional clerical function to support colleagues in ZMSC Training Services in the delivery of development and training. Responsible for inputting accurate and current information into the electronic training database. Ensure that correspondence and other information is appropriately electronically filed and that the electronic files are kept up to date and reminder systems are operated. Process enquiries (whether via e-mail, phone or paper) and respond directly to straightforward queries within the boundaries of the post. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Ability to work independently and perform clerical assignments with moderate direction. Ability to read, comprehends, explain, and apply written procedures. Ability to recognize differences among data, facts, objects, or material. Ability to compare data from two or more sources for accuracy and completeness. Ability to operate office equipment. Ability to greet visitors, answer the phone and answer or refer incoming inquiries from the public. Ability to perform complex data entry tasks. Working knowledge of MS Office Suite software and the use of computer systems. Ability to follow oral and written instructions. Working knowledge of business practices, correspondence and typing formats, including correct English Grammar, spelling, and punctuation. Working knowledge of filing and record keeping systems. |
| Education | High School Diploma |
| Experience Required | 5 years of experience performing duties related to office or clerical support. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Mechanical Trainer (01)** |
| Duties & Responsibilities | Delivery of Mechanical and Process Equipment Maintenance Training in accordance with published training schedule. Conduct of assessments to determine the competence of trainee's and delegates. Preparation of trainee progress reports as required. Ensure all assessments are valid and reliable. Liaison with Managers, Training Coordinators to ensure all training activities are coordinated and conducted in accordance with agreed schedules. And as per Job Description |
| Knowledge & Skill Requirement | Proficient in Microsoft Office Application. Able to handle challenging tasks/assignments under pressure. Have a passion for learning and training/teaching. Dedicated, confident, able to multi-task, independent, creative. Good communication, interpersonal, presentation & negotiation skills. Able to work long/ flexible hours when required. |
| Education | Diploma/ Degree in Mechanical Engineering, Advanced Certificate in Training and Assessment (ACTA) is preferred |
| Experience Required | At least 3 years of relevant experience in an open pit mining industry is preferred Proficient in the Maintenance of Pumps, Compressors and other Process Plant Equipment |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Safety Superintendent (01)** |
| Duties & Responsibilities | Meet safety goals and objectives; ensure compliance with company safety policies and procedures and relevant Eritrean regulations. Actively promote safety awareness amongst ZMSC employees and contractors. Identify and analyze emerging trends in safety which will affect ZMSC operations and present recommended strategies for intervention. Lead and influence change initiatives and their effective implementation in the work environment, whilst maintaining a consistent approach. Developing and implementing a company health and safety plan. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Integrity, Professionalism and Emotional Intelligence. Excellent knowledge about safety regulations. Being able to effectively manage time. Strong written and spoken communication. Problem solving skills. Teamwork abilities. Computer literacy Power Point, Word and Excel. Ability to work with high accuracy levels. Data analysis and computational skills. Significant experience in coaching, mentoring and management of OHS personnel. |
| Education | University Degree in Social Sciences preferably in Health Sciences and Safety and Risk Averter Management or related. |
| Experience Required | 3 to 5 years experience as Health and Safety Supervisor. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Safety Officers (02)** |
| Duties & Responsibilities | Establish short term programs, and strategies using information obtained from daily visits and daily incident statistics to create a safe working environment. Ensure smooth running of the Koka Gold Mine safety management system utilising own initiative and knowledge. Advise Management, Supervisors and Health and Safety Committees on the development and implementation of the various aspects of safety programs / systems and any other matters pertaining to the health and safety of workers. Conducts routine inspection of the work area. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Ability to communicate fluently in English and Tigrigna. Strong written and oral communication skills. Reliable, responsible and dependable and fulfilling obligations. Personable and approachable. Ability to reach resolution to complex and unusual problems involving various stakeholders. Ability to work with and positively influence people. Must be able to work and perform under pressure. Must know how to use MS Office. |
| Education | Minimum Secondary School. Diploma in Occupational Health & Safety. Completed a building apprenticeship. |
| Experience Required | At least 3 years' experience working as a Health & Safety Professional. Preferably having experience with a mining or exploration company. Holding of valid driver's license. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Environmental Officer (01)** |
| Duties & Responsibilities | Minimize financial and legal risks to the organization associated with environmental aspects. Maintain an integrated Environmental Management System for the organization. Provide an environmental advisory service. Environmental impact assessments like Air Quality Management and Waste Management. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Integrity, Professionalism and Emotional Intelligence. Knowledge about safety regulations. Being able to effectively manage time. Strong written and spoken communication. Problem solving skills. Teamwork abilities. Computer literacy Power Point, Word and Excel. Ability to work with high accuracy levels. Data analysis and computational skills. |
| Education | University Degree in Social Sciences preferably Environmental or Public and Cultural Management or related. |
| Experience Required | At least 2 to 5 years experience as a Environmental Officer. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Health, Safety and Environmental (HSE) Admin Assistant (01)** |
| Duties & Responsibilities | Reviewing all incident reports, compiling and analyzing monthly statistics. Providing orientation on the Occupational Health and Safety program to new team mates. Participating, or leading, related task forces and committees. Assisting in the administration and further development of HSE Policy, Manuals, Standards, Procedures, and Safe Work Practices. Maintaining a system for recording, reporting and investigating injuries, accidents and dangerous occurrences. And as Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Strong administrative and organizational skills and ability to prioritize and handle multiple functions. Strong Microsoft Office, Word, PowerPoint, and Excel skills. Strong communication skills, oral and written, interpersonal communications, tact, good judgment, analytical skills. Excellent presentation and facilitation skills. Ability to work independently on own initiative with minimal supervision. Ability to interpret and apply safety legislation and policy. Ability to analyze customer needs and make recommendations based on sound business knowledge and commercial acumen. Ability to work as part of a small team within a larger organization. Ability to respond positively to change and maintain flexibility. Understanding of and ability to maintain confidentiality. Demonstrable enthusiasm for working with a varied client group with an understanding and awareness of the diverse culture of the organization. Ability to work under pressure and maintain a positive demeanor. |
| Education | Diploma in Social Sciences preferably Health or Secretarial Sciences. |
| Experience Required | Over 3 years office administration and/or office support experience Prior experience managing a safety program |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| **Job Title & number required** | **Chinese - English Translator** |
| Duties & Responsibilities | Interpreting on company internal meetings, external communications or other official occasions. Assist the management staffs in different matters and build up a fine relation with local employees. Translation on technical and commercial documents. Calibrating English-Chinese or counter side translated documents. |
| Knowledge & Skill Requirement | Ability to communication in English and Chinese. Strong written and oral communication skills. Strong relationship building skills. Ability to reach solution to complex and unusual problems involving various stakeholders and departments. Computer software: MS Office. ability to work with and positively influence to other team. Proven capacity to deliver on plans and commitments. |
| Education | College diploma with strong language skil in writing and speaking. |
| Experience Required | at least 3 years related experience in translating and project working. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |

**General Information and other requirements**: Place of work: Asmara and Zara Site, based on the nature and assignment of work. Occasional assignment to other locations. Salary: As per Company scale.

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Having finished registration and duty performing for the National Army, and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned back to the sender and/or applications should be sent through the Post Office. Deadline for application: 10 days from the day of publication in the News paper.

Address: Please mail your applications to: ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.

**Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Ministry of Labor and Human Welfare, Department of labor, P.O. Box 5252, Asmara, Eritrea.**

# ተኹላ ከተማ

መበል 13 ክፋል

ተኹላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃገራዊ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዓደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ኮሎኔል ብዙባል ኣርኣስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።



ብንያም ፍስሃጽዮን

ንጸባሒቱ ንግሆ ኣቶ ዘርኣዝጊ ኣብ እንዳ ነጥሪ ምስ ተረኽበ ብዘይካ ብርኽቲ ንግሆ ተሲኡ ስራሑ ዝጀመረ ሰብ ኣይረኣየን። ‘ኣየ በዓል እዚኦን ኣብ ሓዳረን ከመይ ምኾና’ ብዕድል ብርኽቲ እናሓዘኸ ኣሰላሰለ። ናብ ሳሎን ከምርሕ እንከሎ ብዛዕባ ሰራሕተኛ ናይ ነጥሪ ካብ ምሕሳብ ኣይተገላገለን። ብርኽቲ ግና ካብቲ ናቱ ስምዒት ዝፍለ ወረ ኣንጻር ክትብሎ ትኽእል ሓሳብ'ያ ኣብ ወሽጣ ተጋማድሕ ነይራ። ንተሰፋዝጊ'ውን ከም ጽርዳ ገይራ'ያ ትጥምቶ ነይራ። ዝሰምዓትሉ ስለ ዘበራ ‘መጺ ድማ እዚ ሓርገጽ!’ ዝብል ዝሕንሕን ስምዒት እናንጸባረቐት'ያ ማዕጾ ከፊታቶ። “እንታይ ደኣ ንግሆ መጺእካ?” ዝብል ሕቶኣ ድማ ንዘቖሓረ ከርሳ ዘንጸባርቕ ነበረ። ናይ ልባ ኣብ ልባ ገይራ ህድእ ክትብል'ኳ እንተፈተነት ዘርኣዝጊ ግና ፈሊጥዋ። እቶም ከም ዘይተበርሃ ዝገልጹ ኣዒንታ'ውን ክሕግዝዋ ኣይከኣሉን። ጽልምን እናፍሰሱ'ዮም ንዘርኣዝጊ ዝጥምትዎ ነይሮም። ኣቱም ትብል ከም ዘይነበረት ቀልጢፋ'ያ ናብ ኣታ ስጊራ። ኣቶ ዘርኣዝጊ እቲ ምኽንያት ስለ ዘይፈልጦ በቲ ናይ ሸዑ ኣጋጣሚ'ዩ ጠሚትዋ። ኣብ ሓደ እዋን ብድሕሪኣ ብሕማቕ ከም ዘልዓላ ኣብይ ኢልዎ። ኣብ እዚ ብርኽቲ ዝበጽሐ ዒደር ዘረባ ሳዕቤን ናይቲ ብርኽቲ ዝበረቶ ምኽንያት ኣፍልጦ የብሉን። ብርኽቲ ኣብ ኩቡዳ ዘቐመጠቶ ሓያል ቂም ከም ዝበራ ንሳ ጥራይ'ያ ትፈልጥ። ‘ወይ ጉድ!’ ትሕንሕን ንሰለስተ መዓልቲ ድቃስ ዝኸልኣ ዘረባ ክትዝክር እንከላ።

ነጥሪን ዘርኣዝጊን ኣብ ሳሎን ተቐሚጦም ኣብ ዘዕልልሉ ዝበሩ ኣጋጣሚ ንሳ ድማ ካብ'ቲ ዝበርዎ ክፍሊ ከይረሓቐት ኮረደዮ ተጻራሪ ነበረት። ኣብ ከምኡ ኣጋጣሚ እንከላ'ዩ ድማ ናብ ማዕጾ ብጋርሃ ጽግዕ ምስ በለት ሓደ ንኣቓልቦኣ ዝሰሓበ ዕላል ጸሚዱ ዝሓዞ። ኣቶ ዘርኣዝጊ ስማ ክጠቕስ ምስ ሰምዓቶ ምጽርራይ ኣቋሪጻ ጽን ክትብል ተገደደት። ጸዕዳ ሕሜታ'ያ ሰሚዓ፡ “ምምርዓው ካብ ኣበኻ ኣቢልካ ኣቢልካ ኣብዚ ኣብ ቤትካ ዘቐመጥካያ ኣይ ሰብ ኣይ ብዕራይ ከይትወድቕ'የ ዝሰከፈልካ። ዘቦል ኑብሶ'ኳ ምስ ቀጠዕት ዝመዓራረ እንተኾነ ዘቦል ኣዒንታ ግና ቁልዑ ከሰንብደልካ'ዩ።” ብምባል ዘዕደቅስ ዘረባ ኣብ እዝና በጺሑ።

ብርኽቲ ድሕሪ'ዚ ንኣብራ ጠቒሱ ዝተዘርበ ዘረባ ንኣቶ ዘርኣዝጊ ከም ሰብ ክትርእዮ ኣይከኣለትን። ‘እንታይ ኩብረት ኣድልይዎ ኸኣ'ዩ እዚ’ ትብል ገጹ ክትርኢ እንከላ። እታ ዝተራኸበትላ ንግሆ'ውን ገጹ ምስ ረአየት ክትል ንዘበላ ሕርቃን ምጻር ስለ ዘሰኣነት'ያ ብዘገር ዝተቐበለቶ።

“ኢሂ'ሞ?” በለ ዘርኣዝጊ'ውን ካብኡ ኣይትሕለፍ ዝብል ስምዒት ዝሓደሮ ክመስል። “እንታይ ቀሪጹኪ ኣብ ድላየይ እንተመጸእኩ! ዋና ከምኡ ዘይበለስ ንሰኺ!” ንዘገር ከም ዝተዓለወ ዝሕቡር ድርቕናኡ ኣሰሚዑ ኣብ ቅድሚኣ ተጉተረ። “ወይለኸ! ከምዚ ምስ ረኸቡ እባ'የም ተሓጓሚ እንከሎ ተሓዚ . . . ዝበሉ።” ኣብ ክሳድ ክሳድ ጸጊሑ ኣፉ ሓቲማ ከም ትደርቕ ገበራ። ብርኽቲ ዝሃቦቶ ግብረ መልሲ ኣይነበራን። ኣቶ ዘርኣዝጊ ሃንደበት'ዩ ኮይንዎ። “ከስተብህለልኪ እኳ'የ ቀንዩ።” ወሰኸ። ናይ ብርኽቲ ስምዒት ደንጊዩ ከም ዝተረድኦ ዘረጋግጽ ግብረ መልሲ'ዩ ነይርዎ። ብዙሕ እዋን ተጠርጢራ ተማእዲዳን ክትምልሰሉ እንከላ ደርደኣ ኣይነበረን። ብርኽቲ ሕርቃና ክትጸወር ስለ ዘይከኣለት ኑብሳ ብዘደርበ ስምዒት እናተሃወት ናብ ክሽነ ኣምርሐት። “ሓሰማ! ሓሰማ'ወ ሓሰማ!” ኣቶ ዘርኣዝጊ ስለ ዘይዕገበ ብጸርፊ ኣፋነዎ።

“ኣንታ ሱብኣይ ምስ መን ኢኻ?” ካብ መደቀሲኡ እናተማጥልዐ ዝወጸ ነጥሪ በርበረ ዝመሰላ ኣዒንቱ ተኸለለ።

“ምስዛ ሰራሕተኛኻ'ምበር ምስ መን ደኣ! ኣነ ንዓኻ'ምበር ንዓኣ ደልየዶ መጺአ'የ!” ናብቲ ብርኽቲ ዝኸደትሉ ኣንፈት እናጠመተ መለሰ። “እንታይ ደሊኻ መጺእካ ክትብለኒ?”



“እዋእ!” ብርኽቲ፡ ዘርኣዝጊ ክዛረብ ምስ ሰምዓቶ፡ ካብ ክሽነ ቦሎኽ ኣላወጸት። “ኣነ ደቂሱ'ዩ ዘሎ'ምበር እንታይ ደሊኻ መጺእካ ኢለካ?” ተሰልቢጡቶ ኣቐዲማ ዝተዛረበቶ ዘረባ ነጥሪ ከም ዘይሰምዓ እናተኣማመነት።

“ስራሕኪ ዘይትገብሪ ኣንቲ!” ነጥሪ ንእለት ክገንሓ ተሰምዐ። ብርኽቲ ኣይደንጎየትን ናብ ኩሽነኣ ተመልሰት። “ንስኻኸ ምስ መዛርብትኻ ዘይትዛረብ!” ድሕሪ ምባል እናንጸርጸረ ናብ ሳሎን ኣተው። “ከምኡ ገይርካ ድማ ኣይትደሃላ። ከይትቐንእ እምበር ሓደ ሓደ ግዜ መዘሓል ኀጽ ከም ትኾኒ ክትፈልጥ ኣለካ። ሰበይቲ ዘይብሉ ሱብኣይ ጸልማት እንተወዲቕዎ ዝመርጾ የብሉን።”

“ኣንታ እንታይ ኢኻ ትብል?” ኣቶ ዘርኣዝጊ ዝገረሞ መሰለ። እቲ ዘረባ ርእሱ ክሕዝየ ቀሲብዎ። “ሓቃ እንድያ ደኣ ክትደፍረኒ። ስረኻ ዘፈታሕካ ነጥሪ ክተገባብኣለይ እንድያ ትርኢ ዘላ። እምብኣር እቲ ዝበልክዎስ ክኸውን ተቓሪቡ።”

“ዘርኣዝጊ፡ ሰብ እኳ'ያ! ሱብኣይ ከኣ ትፈልጥ ኢኻ . . .” ከይቀጸለ ሰሓቐ። “ኣቦይ፡ ሱብኣይ ኣብ ባይቶ'ምበር ኣብ ሰበይቲ ስረ የብሉን ይብል ነይሩ።”

“ኣይተጋዕዩን! ብዘኾነ ምእታዉ ኣቲኻያ ኣለኻ መወጽኢ ይዛቡ።”

“ሓሳዊ!” በለ ነጥሪ ገጹ ኣሲሩ። “እናተፋለጥና መንኩትና ምሕባር ኣየድልየናን'ዩ’ በሎ ተመን ንኸምኡ ተመን። ኣቶ ዘርኣዝጊ ንሕና'ውን ሰቡት ንኹን'ምበር እቲ ተመን ዝበሎ ይምልከተና'ዩ። ቀልጢፍካ ግዳ ናብ ጉዳይካ እቶ።”

***

ልቢ ኣፍቃሪቱ ከይጎድእ ኢሉ'ውን ስምዒቱ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። ፋኑኤል ዝወደቐ ደብዳ ንህሳወኡ ይፈታተኖ'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ድማ ካብ ኣፍቃሪቱ ዘይተጸበዮ ግብረ መልሲ ስለ ዝሰምዐ'ዩ ንብዓቱ ክቆጻጸር ዘይከኣለ። ‘ነጥሪ ክወሓስካ ኣይኽእልን'የ ኢሉካ'ዩ’ እያ ኢላቶ ሚኪያ። ‘እዋይ ኣነ!’ ተጸለለ። ጣዕሳ ዘጠንሶ ምስትምሳል ኣብ እእምሮኡ ከም ንፋስ ሓጋይ ይመላለስ ነበረ። “ኣታ ፋኑ ከምኡ ገይርካ ኣይተሰተማሰል! ንሱ እንተኣበየ ዝወሓሰካ ትስእን ዲኻ?” ሚኪያ ናይ ኣፍቃሪኣ ምስትምሳል መጠነሱ ስለ ዘይተፈልጥ ከተጸናንዖ ፈተነት። ግና ንሳ'ውን ካብ ምንባዕ ኣየቋረጸትን።

“እሞ ካልእ እንተተረፎ ክውሓሰኒ ኣይክእልን?” ርእሱ ነቕነቐ ፋኑኤል። ናይ ነጥሪ ተግባር እናሓደረ'ዩ ዝበርሃሉ ነይሩ። ደጋጊሙ ኩሓስዋ እንከሎ ኣእምሮኡ ይናወጽ። ‘እንታይዶ በዲለዮ'የ?’ ይብል ምስ ኑብሱ። ካብ ባዶ ተበጊሱ ዝብድሎ ዝበረ ኮይኑ ይስመዖ ኣይነበረን። ‘ከይተረድኣኒ ደኣ ገለ ገይረዮ ከይከውን?’ ብምባል ኑብሱ ፈቲሹ'ዩ። ግና በደል ዝበሃል ኣይረኸበን። ‘ዝበለኒ ካብ ምፍጻም ዓዲ ኣይወዓልኩን። ብጉቡኣ እዛ ሰበይቲ ዕድለኛ ኣይኮነትን’ በለ ብዕድል ወላዲቱ እናስተንተነ። ተሰፋ ዘይብሉ ስምዒት ኣብ ወሽጡ ይገላበጥ ነበረ። ‘እንታይ'ዩ ዓዝዚዙኒ ነይሩ ግና?’ ንድሕሪት ተመሊሱ ንተግባሩ ኰቐፈ። ዓቢ ጌጋ ከም ዝፈጸመ ኣሚኑ'ዩ። ነጥሪ ኣብ ልዕሊኡ ከምኡ ክፍጽም ሓሲብዎ'ውን ዝፈልጥ ኣይነበረን። ‘እዋይ ኣነ!’ ብጣዕሳ ተሰለወ። ዳርጋ ናብ ጽላለ'ዩ ኣድሂቡሉ ነይሩ። ዝያዳ ዘሻቐሎ ዝበረ ጉዳይ ግና እቲ ዘጋጠሞ ምስ ማንም ከዕልሉ ይኽእል ብዘይምንባሩ'ዩ። ‘ሚኪያ እንተትሰምዖ እንታይ ኮን ምበለትኒ? ኣነስ እምበርዶ ኣእምሮ ነይሩኒ'ዩ? ባዕሉ ዝፈጸሞ ሓደጋ ተሰኪሞ እናበለኒ. . .” መመለሲ ንኑብሱ ነዓቓን ኣባጨወላን። ኑብሱ ጸሊኡ ካብ ወሽጡ ከይተረፈ'ዩ ክሃድም ዝደለ ነይሩ። ‘ድሕሪ ሕጂ እንታይ ኣሎኒ?’ ዝተረፎ ዝበሮ ኣይመሰሎን። “እዚ ሓደጋ ንዓይ ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን ሚኪያ። ንሱ'ውን ክሕተት ይግበኦ ነይሩ'ዩ። ምኽንያቱ ልዕሊ ፍጥነት ክኸይድ ዝኣዘዘኒ ንሱ'ዩ። ኣብ ጎድነይ ደው ከም ዝበል ድማ ብቓሉ ኣረጋጊጹለይ'ዩ። ሕጂ ግና. . .” ኑታ ክትወጽእ ትደፍእ ዝነበረት ሓቂ ክቕብራ ዝከኣሎ ተጋደለ። “ሕጂ ግና ጠሊሙኒ ሚኪያ፡ ኣብ ጸገም ምስ ወደቕኩ ተጠሊሙ።” ኣብ ሕቑፎ ኣፍቃሪቱ ተሸጒጡ ሰቕሰቕ በለ። “ደሓን!” ሓንሳእ ዝኑብሮ ከም ዘለዎ።

“ኣታ ፋኑ ሓወይ በጃኻ ኣይተሰተማስል!” ተማሕጺኑቶ ኣፍቃሪቱ። “ከምቲ ዝበርኪ ሓሳፊ ክውሓስ ዘይፍቀዶ ከይከውን።”

“ሓሰዉ'ዩ ሚኪያ! ካብዚ ጉዳይ ክሃድም'ዩ ዝደሊ ዘሎ።” ጨደረ ብሕርቃን፡ “ካብ ኢሉ ዝንብሮ ዘሎ'ዩ። ክንደይ ሳዕ ኩታልለኒ። ክውሓሰካ ኢሉ እኳ'ዩ ጠሊመኒ። ግና መርገም እታ ድኻ ኣደይ ይብጽሓ ይኸውን። እሞ እንታይ ኢኺ ክትገብርኒ ሚኪ?” ተሰፋኡ ንኣ ጥራይ ምኻኑ ተረዲእዎ ክትሕግዞ ጠመታ። “ንባብ ምናሴ ገለ ክገብረኒ ሓብርለይ።”

“ሕራይ ፋኑ ሓወይ!” ኣዒንታ ናብቲ ናብኣም ገጹ ዘምርሕ ዝበረ ፖሊስ ሰደደት። ንርብዒ ሰዓት ከዕልሉ'ዩ ፍቓድ ተዋሂብዎም። “ካልእ እንታይ ትብለኒ ኣሎ?”

“ንኣደይ ሓግዝያ። ኣብቶም ሓደጋ ዘበጽሕኩሎም ሰድራ ክትመላለስ ሓብርያ። ወላ ንሰኺ ሒዝክያ ከዲ'ምበር ንሳ ብዘይካ ኣብ ገዛ ደገ ምውጻእ ዘፍትዋ'ዩ ዝመስለ። ትሰምዕኒ ኣለኺ ሚኪ!” ንብዓት ብዕቖራ ኣዒንቱ ጠመታ።

“ሕራይ!” በሎ ንንብዓቱ ብንብዓት እናዓጀበቶ። “እንተሰሊጡና ጸግሕ ዋሕስ ሐዘልካ ክመጽእ'ዩ።” በሊዖ ዝተቐመጠትሉ መንበር እናገደፈት። ፖሊስ ክሳብ ዝዛረባ ከይተጸበየት ድማ ኣፍቃሪኣ ተሰናቢታ ንቅድሚኣ ሰጎመት።

***

ሓደጋ ዝወረዶም ስድራ እንዳ ሳምራዊ፡ ቀተልቶም ከመጽኦም ከም ዝኾኑ ምስ ተፋርም ነድሮምን ሕርቃኖምን ዝገልጹ ሓያላት ሽማግለታት ኣዳልዮም'ዮም ጸኒሖም። ወ/ሮ ታቦቱ ዝመርሕኦ ስድራ እንዳ ኑብሰሄር ሓድገ፡ ናብቲ ግና ዘይፈረሰ ዳስ ናይ ሓዘን ክትኣቱ እንከላ ዘይተሸቖረረ ኣይነበረን። ወላ ነጥሪ'ዩ መንፈስ ናይቲ ከበቢ ቀዚሕ ኣቢልዎ። ወ/ሮ ምላሹ እሞ ከወድቓ ዝተረፈን ኣይነበረን። ዝኸበጠ ሕቑፎን ባይታ ክጥዕም ዝደለየ ከመሰል'ዩ ተዓጺፉ። ካብ ስድራኦን ክልተ፡ ካብ ጎረባብተን ክልተ፡ ነጥርን ዘርኣዝጊን ዝርከቡዎም ሽማግለታት ኣኽቲለን'የን ኣብቶም ወደን ሓደጋ ዘወረደሎም ስድራ ተረኺበን።

እንዳ ኣቶ ሳምራዊ ግና ‘ካብ ብኩራት ዘይሓይሽ’ ኢሎም ንዝጠቐሰዎ ምብጻሕ ንልቦም ዝያዳ ኣቕሒርዎ'ምበር ኣይሰለጦን። ተናዒቕና ዝብል ስምዒት ኣብ ከርሶም ንዝተጠጅአ ጽልኢ ከም እሳተ ጎመራ ንላዕሊ ክትትኩሶ ደልዩ ነበረ። እቶም ዘቐየምዎም ስድራ ኣብ ቤቶም ምምጻኦም ስለ ዘየሐጎሶም ድማ ሰላምታ ኣይሃቡን ጥራይ ዘይኮኑ ንዘተለገሰሎም'ውን ዓጸፌታ ኣይመለሱን። ‘ልበይ ኣቐዲማ ነጊራትኒ'ያ’ ወ/ሮ ታቦቱ ነቲ ግብረ መልሲ ቀልጢፈን ቀብ ኣቢለንኦ። ‘እዋይ ኣነ ኣይምልከተክን'የ እናበሉ'ባ ኣላገጹሙለይ።’ ሓሰባ። ኣብ መንጎ ሓሳበን ግና ተቐሪቦም ዝጸንሑ ዝመስሉ ስድራ ግዳይ ዘረባ ጀመሩ። “እንታዎት ኢኹም ደኣ ከይተፈቐደኩም ናብ ቤትና ብድፍረት ዝኣተኹም?” ካብ ሓደ ሽማግለ ዝተሰምዐ ናይ ሕርቅርቅት ቃና ዝሓዘለ ድምጺ'ዩ። ወ/ሮ ምላሹ እዚ ዘረባ'ዚ ዓንዲ ሕቖአን ረሽሽ ከም ዝበለን'ዩ ገይሩ።


“ሓቅኹም!” በሉ ምስ ወ/ሮ ታቦቱ ዝመጹ ሽማግለ ቀልጢፎ ኢሎም። “እቲ ዝኾነ ኣብ ግዜኡን እዋኑን ዘይምምጽእና ኣቢስና ኢና።” ቀጸለ። “እዛ ሰበይቲ ግና እዚ ትርድይዎ ዘለኹም ኮይኑ ዓቕሚ። ንሕና ከኣ ካብ ኣፍና ናብ ኢድና ስለ ዝኾነ እዛ ክረምቲ ከይትኣትወና ክንብል ከምቲ ዝድለ ኣይሓገዝናያን። እምበሪ ሓቅኹም ኣለኹም።” ተለማለመ።

“ንሕና ንበል ዘለና ኣብ ቤትና ክትኣትዉ መን ኣፍቂዱልኩም'ዩ? እተው ዝበልናዮ ሰብ የለን። ክብሪ ዝህበና ጋሻ ኢና ክኣትወና ነፍቅድ'ሞ ሰላሕ ኢልኩም ወጽኡልና።”

“ኣንታ እንታይ'ዩ ዝበሉ ዘለዉ እዞም ገዛ?” ነጥሪ ምስ ኣቶ ዘርኣዝጊ ኣሕሾኽሾኸ። “መን ምኻንና እባ ንገርዎም በሎም።” ሕርቃኑ ክጸወር ኣይከኣለን።

ይቕጽል






## ውዕሎ መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ ክብርታት...

**ልዝብ ሽባባት**
ደሞዝ ጸጋብርሃን

ጸሃየ ኣሰፋው

ንኹሉ ነገር ዘበግሶ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ማለት፣ ፍቕሪ ሰብ፣ ፍቕሪ ሃገር፣ ፍቕሪ ስድራቤት ወዘተ. ነዚ ኹሉ ኣብ ፍቕሪ ተጠሚሩ ዘሎ ረቛሒታት ባይታ ዝኸውን እንሰጋገር።ክሳዕ እቲ ሃገራዊ ግቡእና ወዲእና እንፋነወሉ ዕለት ድማ ፍቕርና ብማዕረ እናኾስኮስና ተጓዒዝና። ብድሕሪ'ዚ እውን እንተኾነ ክተት ኣብዝነበረሉ ግዜ ርዝኑቱ ከየጉደልና ንክናኸና ነይርና። ናብ ወፍሪ ሃገራዊ ልምዓት ኢልና ኣብ ዝወጻእናሉ ዕለት'ዩ



ከኣ ናጽነት እዩ። ስለ'ዚ በዚ ረዚን መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ናጽነትና ኣቢለ ተዘክሮታተይ ወይ ኣብ ሉኣላውነትና ኣብ ምውሓስ ዝተኻየደ ወራራት ኣልዒለ ከዕልል ክፍትን። ንዕኡ ኸኣ በቲ ፍቕሪ ዝበልናዮ፣ ብፍቕሪ ሃገረይን መጻምድተይንክጅምሮ። ፍቕሪ ሃገር ማንም ሰብ ከም ዝርድኦን ሰውራ ኤርትራ ከምዝመስከሮንመንቀሊኡ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ እዩ። ካብ'ዚ ነቒሉ ኸኣ'ዩ መንእሰይ ኤርትራ ሂወቱ ኣብ ምኽፋል ዝተቐዳደመ። ኣነ'ውን ዕድመይ ብዘፍቅዶ ከም'ቶም ትማል ሂወቶም ዘይበቐቑ ኣሕዋተይን ስድራይን(ተጋደልቲ) ሕድሮም ንምፍጻም ኣብ ወርሒ.07/1995 ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎተይ ንኽፍጽም ንታዕሊም ወረደ። ግቡእ ተዓሊም ወሲደ ድማ ናብ'ቲ ከበርክተሉ ዝኽእል ስርሓት ተወዚዐ። ስራሕ ንሃገራዊ ልምዓት ከኣ ሓደ ኢለ ጀሚረዮ። ኣብ'ዚ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ኩነታት እንከለኹ እዩ ድማ ምስ'ዛ ናይ ሎሚ በዓልቲ ቤተይ ናይ'ቲ ሽዑ ግዜ ድማ ብጸይተይን ዓርከይን ኤደን ጉብሩ ሌላናህ ኢሉ ዝጀምር።

ምስ ኤደን ንነዊሕ ኣብ ሓንቲ ሓይልን ጋንታን ኩይና ስለዝተጓዓዝና ካብ ጸኑዕ ብጻያዊ ፍቕሪ ኢና ናይ ደረጃ ዕርክነት ድማ ኩነታት ወራር ወያነ ዝጀምር። ኩነታት ወያነ ምስ ጀመረ ብቐጥታ እቶም ንልምዓት ወፊርና ዝጸናሕና ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራባዓይክምኡ'ውን ናይ 90 91ን ገዳይም ተጋደልትን ኣብ'ተን ዝነበርናየን ኣሃዱታት ሓቢርና እንጽንበር።ድሮ'ውን ቀዳማይ ወራርገና ኣብ ወፍሪ ልምዓት እንከለና ተዛዚሙ ናብ ካልኣይ ወራር ዘሰጋግር መድረኽ ተፈጢሩ። ኣብ'ዚ ወራር ኣሃዱና ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ውግኣት ከተካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ከም መቐጸልትኡ ብዕለት 10/06/99 ሓደ ብወገን ዝተጸንዐ ሓያል ጸረ መጥቃዕቲ ፈጺና። እዚ ኩናት ካብ ዕለት 10-15 ንሓሙሽተ መዓልቲ መመላእታ ለይትን ቀትርን ትንፋስ ዘይህብ ጽዕጹዕ ኩናት ኣካይድና። ኣብ'ዚ ንሓሙሽተ መዓልቲ ዝኸደ ኩናት ብዙሓት-ብሉጻትን ውፋያትን መንእሰያት ንመስዋእትን መውጋእትን ከፊልናዮም። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ዝነበረና ዓቕሚሰብ ክጎድል ዘይተርፍ ነይሩ - እዚ እናኾነ ግና ጽንዓትናን ሞራልናን ምሉእ እዩ ነይሩ።ኣብ ጸላኢ ዝፈጠርናሉ ራዕዲ፣ ዘውረድናዮ ክሳራ ብቑጽርን ዓይነትን ኣዲኡ ትቑጸሮ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት እንከለና ኢና ምሸት ዕለት 15 ወርሒ 06 ሪዘርባ ኣሃዱታት ስለዝተረከባና፣ ኣሃዱና ናብ ዓዲ ሃኪን ዝበሃል ቦታ ትጉዓዝ።ናብ ዓዲ ሃኪን ሓደ ለይቲ ምስሓደርና ኣብ ወጋሕታ ሰዓት 6 ቅ/ቐትሪ ካብ ማዕዶ ብርቱዕናይ ዶሽካን ደብዳብ ሞርታራትን ቶኽሲ እመጽኣና። ምስ'ቲዝነበረ ስፍሓት ቦታ፣ምሉእ ብምሉእ ክንሸፍኖ ንኽእል ብዘይምንባርና ካብ'ቲ ዝነበርናዮ ቦታ ንየማናይ ግንባር ንወገንማይ ቀቛሕ ወይ ተሊኒ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ድፋዕ ንሕዝ።እዚ ንዕረፍቲ ኢልና ዝኸድናዮ ቦታ ድሕሪ ዝተወሰና መዓልታት ንኹናት እምበር ንዕረፍቲ ዝኸውን ግዜ ኣይሃበናን።

ኣብ ዕለት 25/06/99 ሰዓት 6 ንግሆ ኸኣ ኣዝዩ ጽዑቕ ደብዳብ ከቢድ ብረት፣ሞርታር ምስ ናይ ዶሽካ ቶኽሲ ቀኒዑና። ኣብ'ዚ ህሞት እዚ ኣዛዚ ቦጦሎንን ስታፍ ምልክትን ኣንፈት ተኹሲ ንምፍላጥ ካብ'ታ ዝነበርዋ ኣንደር ይወጹ እሞ፣ ንጸጋማይ ወገን ይንቀሳቐሱ። ኣነ ድማ ምስ'ቲ ካልኣየይ ምልክት ኴና ናብ'ታ ዝነበርናያ ኣንደር ሬድዮ ፒ.ኣር.ሲ ከፊትና ኩነታት ንከታተል ነይርና። ኣብ ከም'ዚ ህሞት እንከለና ብናይ ሬድዮ ርክብ ኣዛዚ ቦጦሎኒና መልእኽቲ ይሰደልና። ትሕዝቶኡ 'ደብዳብ' ምስ ኣቛረጸ ተቐላጢፍኩም ካብ'ቲ ዘለኹሞ ቦታ ናብ'ቲ ክፍልታትና ዘለውኦ ግዓዙ" ዝብል ህጹጽ መልእኽቲ ኔሩ። ምኽንያቱ፣ እቲ'ቲ ቦታ ጸላኢ ተቋጻጺርዎ። ዝነበረና ኣማራጺ ደብዳብ ዝግ ምስ በለ ነታ ዝነበርናያ ኣንደር ንምግዳፍ ናብ'ቲ ቅድሚና ዝነበረ ቦታ ተቐልቂልና እንተረኣና ምሽ ክትዋግኡም ክትርእዮም'ውን ዘሰንብዱ - እዚ ክትብሎ ዘይትኽእል ወተሃደራት ጸላኢ ኣብ ቅድሚና ከም ውሕጅ ፈሲሱ። ብብዝሖም ዝተሰመዓና እንተነይሩ ግና መዋጽኦ ምፍጣር'ምበር ብዝሖም ርኢና ኢድና ክንህብ፣ ክንርዕድ ኣይክኣልናን እኳ ደኣ መሊሱ ደምና ፈሊሑና። ቀስ ኢልና ድማ ምስ'ቲ ካልኣየይ ንዝነበረና ዕጥቅታትን ሬድዮታትን ጠርኒፍና፣ ንጉያ ተታሓሒዝናዮ። እዚ ክንገብር እንከለና እቶም ወተሃደራት ጸላኢ ድሕሪ ቅሩብ ደቓይቕ ነቲ ቦታ ደይቦኦስ ብረተን የዐሚረ ንክትኩሳልና ጀሚረን። ብድሕሪኡ ሓደ ኣዛዚኦን "እንዳ ትገድላት ሴትናት ማርካት ብቻ"ክጭድር ንሰምዖ። ዘይሕሰብ እዩ ሓሲቡ። ዘረብኡ ግና ኣይዓጀበናን። ከይትቐትልወን ሓዝወን ጥራይ ዝብል ዘረባኡ እናሰማዕና ኣንፈትና ኣይስሓትናን። እዋኑ ክረምቲ ምስ ምንባሩ ኣብ'ቲ ዕሙር ኣግራብ ቀንጠጠ(ተረዳዳእ) ዝበሃል ዕሙር ገረብ ኣቲና ካብ ዓይኒ ጸላኢ ክንስወር ክኢልና። ብድሕሪ እዚ ናብ'ቲ ዝተባሃልናዮ ቦታ ምስ በጻሕና ምስ ኣዛዚ ቦጦሎኒና ብሬድዮ ቦታና ከምዝበጻሕና ንረዳዳእ።''በቃ ጽቡቕ! ዝመጹ ኣባላት ጠርኒፍኩም ኣብ'ቲ ኮጀጅት ኴንኩም ግብረ-መልሲ ቶኽሲ ክንገብረለን ኢና" ኣዛዚ ቦጦ/ ብሬድዮ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ'ዩ ነይሩ። ንብረት ናይ'ቲ ኣሃዱ፣ ኤምዳድን ስንቕን ክሳብ ዝመጽእ ኸኣ ተወዳዲብና ናብ ግብረ-መልሲ ተጸሚድና። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት እንከለና ድሒረን ዝወጻ ኣባላት ቦጦለኒና ደቀ'ንስትዮ ጎፍ-ንጎፍ ንረኽበን። ርእይ ምስ ኣበላኒእውይ ጸሃይቱ(ጸሃይቱ ብገለ ዝለገበትኒ ሳጓኢያ) ዝብል ድምጺ እሰምዕ። ኣባላት ሓይሊ ኤደን ኩለን እናረኣኽወ ንኤደን ምስኣን ብዘይምንባራ ኣብ ውሽጠይ ሕማቕ ስምዒት ፈጢሩ። ነዚ ስምዒት እዚ ኣብ ውሽጠይ ጌረ ህድእ ኢለ "ንዕነ በዚ ተኸወላ"በልክወን። ኣብ ክንዲ ምኽዋል ከኣ ዕንይንይ ኢለን ነቲ ንኤደን ኣጓኒፍዋ ዝነበረ ኩነታት ንኽነግራኒ ተሰከፋ። ምኽንያቱ፣ ክልተ ኣባላት ኣሃዱና ምስኣ ስለዝገደፋ፣ ከውጽእዋ እዮም ዝብል ሓሳብ ነይርወን። መወዳእትኡ ግና ''እንታይ ደኣ ኴንክን ተኣሊያ በላ ዕላማ ጸላኢ ከይትኾና" ይብለን። ደሓር ግና "ኣታ ጸሃይቱ ዮናስ ጤኔን ወዲ ያሬድን ተወጊኦም ኣብ'ዚ ቅድሚና ኣለዉ" ኣፊን ይኸፍታ። መስዋእቲ ኤደን'ምበር መውጋእታ ክሰምዕ ትጽቢተይ ስለዘይነበረ፣ ኣበሃህላኣን ተረዲኣ ምሳይ ዝነበረ ንብረት ነቲ ካልኣየይ(ኣድሓኖም)ሂበ፣ ብጉያ ናብ ድሕሪት ገጸ ይምለስእሞ ኣብ'ቲ ቦታ ምስ በጻሕኩ ዮናስን ተኽልዝግን ንባዕሎም ተወጊኦም እንከለዉ ንኤደን ንምድሓን ምስ ቃንዛኦም ክቃለሱ እጸንሕኒ። ብዘይዝኾነ ናይ ስንባድ ምልክት ''ንኺድበሉ፣ ንስኹም ኑበስኹም ኣውጽኡ" ኢለ ንኤደን ሓፍ ኣቢለ ሓዚለያ እብገስ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኤደን ማህሰይቲ ነይርዋ። ክልተ ጥይት ኣብ እግራ ምስኡ 6'ስኩጆ ስለዝነበራ "ትጎድኣኒ ኣለኻ" እናበለት ተጸሚማ'ያ ነይራ። መውጋእታ ኣበይ ከም ዝነበረ እፈልጥ ኣይነበርኩን። መውጋእታክትርኢ ከቢድ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፣ ኣብ መንን መውጋእትን መስዋእትን ዘሎ ካልኢትኳና ንኽትጽመም ጥራይ እናንገርክዋ ብቱብቱብ ጉዕዞና ቀጺልና። ኣብ'ቲ ቀዳምናዝነበርናዮ ቦታ ምስ በጻሕና ንብረት ወጺኡ መኪና ከይዳ ስለዝጸንሐት ኣብ ርእሲ'ቶም ዝነበርና ከበደሽን ካሕሳይን ሓዊስና ባሬላ ተሰኪምና ጉዕዞና ንሕክምና ክ/ሰ ኩይኑ።

ካብ'ቶም 5 ኣባላት እቶም 3ከበደሽ ትርከቦም ከቢድ መውጋእቲ ዝነበሮም እዮም። ፍልይ ዝበለ ግና ኣብ'ዚ ጽንኩር ኩነታት ኤደን (ውግእቲ) ናይ ክልተ ወርሒ ጥንሲ ነይርዋ። ንጉቡሳ ጥራይ ዘይኩነ ከኣእንተላይ ንኣብ ውሽጣ ጸይራቶ ዝነበረት ትንፋስ ንምድሓን ኢና ካብ ኢድ ጸላኢ መንጢልናያ። ነዚ ሓሊፍና ኢና ድማ ናብ ኣሻሽግቡእ ሕክምና ክትወስድ ዝለኣኽናያ።ኣሃዱና ኸኣ ሓደ ለይቲ ኣብ ማይ ዕዳጋሓዲራንዓሰብ ነቒላ። 3 ወርሒ ኣብ ዓሰብ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ዳግማይ ናብ ድፋዕ እግሪ መኸል(ከበሳ) ኣቲና። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኤደን ካብ ወተሃደራዊ ሕክምና ግላስ ንሕክምና ክ/ሰ ናብ ዓዲ ጎልጎል እያ መጺኣ። ድሕሪ'ታ ትኣምራታዊት ፍጻመ ኣብ'ዚ ኢና ንራኸብ።

3ይ ወራር ግዜኡ ሓልዩ መጺኡ። ኤደን ነታ መውጋእትን መስዋእትን ዝረኣየት ትንፋስ ቦኽሪ ጓልና ተቦኩራ። ኣነን ኣሃዱይንከኣ ነቲ ብ6ይ ወራር ዝምስል 3ይ ወራር ንምፍሻል ኣብ ግንባራት ዓሪድና። ኣብ'ዚ መሪር ቃልሲ ንሉኣላውነት ሃገር፣መንእሰይ(ዋርሳይ) ናይ ጀጋኑ ኣቦታቱን ኣሕዋቱን ብጽፈት ደጊምዎ። ብዘይቐልዓለምዋርሳይንዕኡ ትቦቕዕ ስም እያ። ጎኒ ጎኒ'ዚ ህልዋት ሓለፍትና ኣዛዚ ቦጦ/ መርዓዊ፣ ኣ/ሓ/ወ/ስሊያ ወዲዛይድ ዝህቡና ዝነበሩ ሞራልን ምትብባዕን ነቲ ታሪኽ ክንደግሞ ኣኽኢሉና እዩ። ብሓቂ መሪሕሙኻ ናብ'ቲ ኩናት ክድብሉ እንከለዉ መስዋእቲ ትደፍሮምኩይኑ ኣይሰምዓካን። ብሕጽር ዝበለ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከዘክሮ እንክለኹምስ ናይ ድምጻዊ የሃንስ ትካቦ 'ዋርሳይ ገዲም፣ ወሪሱ ዘውረሰ ዋርሳይ ኢኻ፣ እትብል ደርፊ ንውዕሎ መንእሰይ ኣብ ወራራት ዘያዳ ጡብላሕታ ትህበኒ። በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ ኣብ ነንበይኑ ኩርናዕ ግቡኡ ንዘፍጽም ዘሎ ዋርሳይ የ..ሃ..ና እናበልኩ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ በዓል ናጽነትና እብሎ።

ኤደን ጉብሩ

ርክበይን ርኩብ ጸሃየን ኣብ'ታ ሕድሪ ጀጋኑ እተሰከም፣ ብቑዓት መንእሰያት እትምልምል ሳዋ እዩ። ኣብ'ዚ'ዩ ብጻያዊ ዝምድናና እናዓሞቐ ድሕሪ ምኻድ ናብ ዕርክነት ዝሰጋገር። ዕርክነትና ምስ ግዜ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ መንጎኡ ኩነታት ወራር ወያነ ተወሊዑ። ወራር ወያነ ንምፍሻል ሉኣላውነት ሃገር ንምውሓስ ካብ'ቲ ተጸሚደዮ ዝነበርኩ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ንግንባር ኣትየ። ኣብ'ዚ ኸኣ'ዩ ናይ ክልተ ወርሒ ጥንሲ እንከለኒ ከቢድ መውጋእቲ ዘጋጥመኒ። እንተኾነ ኣብ ዕላማ መውጋእትን መስዋእትን ከም ዘሎካብ ይክኣሎ ዝወረስናዮ ሓቂ ስለዝኾነ፣ ንካልኢት ካብ ቅድሚኻ ክእለዩ ዘይትደልዮም፣ ወላ'ውን ንስከንድ ፍልይ እንተበሉኻ እትናፍቖም ተሚረቕቲ ብጾትይሰዉኡና ነይሮም። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ልዕለይ ዝወረደ ከቢድ መውጋእቲ ንኽጽመሞን ክኽእሎን ሓጊዙኒ። እታ ዝተወጋእኩላ ግዜ ግና እዚ ወጊኡኒ በዚ ተወጊአ ዝብል ስምዒት ኣይነበረንን። ብድድ ኢለ ክኸይድ እየ ፈቲነ። ማህረምተይ የማንን ጸጋማይን እግረይ ስለዝነበረ ክንቀሳቐስ ኣይከኣልኩን። ኣብ'ታዝነበርክዋ ቦታእንከለኹ ድማ ቦምባ ሞርታር ኣብ ቅድመይ ስለዝተፈንጀረት በቲ 'ስከጆ ተደጊመ ኣብ ባይታ ተጸጣሕኩ። ኣብ ሕክምና ክ/ሰ ኣሻሽ 1ይ ረዲኤት ተገይሩለይንግላስ ኣትየ። ግቡእ ሕክምና ድሕሪ ምውሳድ ድማ ክሓዊ ክኢለ።በዙሕ ገልጠምጠም ሓሊፈ'ይ ምስ'ቶም ካብ ኣፍ ጸላኢ መንጢሎም ሂወት ዝሰኹዑለይ ብጾተይ ኣብ ዓዲ ጎልጎል ዝራኸብ። ኣብ'ዚ ዕለት እዚ ገለ ካብ'ታ ሞርታር ዝተረፉ 'ስኩጆታት ኣለዉኒ። መዋእሉ 'ስከጆ ጸይሩ ዝኸይድ ተጋዳላይ ስለዘሎ ግና፣ 'ስከጆ ኣለኒ ኢለ ዘሰክፍ የብለይን። ካብ መሪር ኩናት ማይ ቆቋሕ ወጺአ ኣብ'ዚ ሎሚ ግዜ ምስ'ቲ ሓዚሉ ዘውጽኣኒ ጸሃየ ብፍቕሪ ማሚቐ፣ ኣብ'ዛ ብደምና ሰላምና እትነፍስ ናጽነት ይቕመጥ ኣለኹ።




ኤርምያስ ሰለሞን

## ምምጋብ ኣናህብ ኣብ ቆፎ

ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከምኡ'ውን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ዓመት ካብ 20 ክሳዕ 30 ሚእታዊት ዝኾኑ ኣናህብ ብሰንኪ ዋሕዲ መግቢ፡ ቆፎታቶም ገዲፎም ይኸዱ ወይ ይስደዱ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ብሰንኪ ተደጋጋሚ ደርቂን ኣጠቓቕማ መሬትን ዋሕዲ ኣትክልቲ ዕምባባታትን ንህቢ ይርአ ስለዘሎ፡ እቲ ቁጽሪ ካብዚ ክዛይድ ይኽእል እዩ። ኣብ ሃገርና ናይ ደረቕ እዋን ካብ 8 ክሳዕ 10 ኣዋርሕ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ ኺ ኺ እኳይዶ ምልማዕ ተኽሊ ዕምባባታት፡ ተወሳኺ መግቢ ምሃብ ናይ ግድን ይኸውን።

ኣብ ዓመት ክሳዕ 30,000 ብዝሒ ንህቢ ዘሎዎ ሓደ ዕስለ ንህቢ ዘድልዮ መጠን መዓር፡ ካብ 59 ክሳብ 80 ኪሎ-ግራም፡ ከምኡ ድማ ካብ 20 ክሳብ 24 ኪሎ ግራም ጾግ ይበጽሕ። እዚ ክሳብ 200,000 ንህቢ ንኽውለዱ (ንኽፈቕሑ) ዝሕግዝ ኮይኑ፡ እዚ ኣናህብ ብዝለዓለ ደረጃ ንምፍራይ ዘኽእሎም መጠን መዓርን ጾግን እዩ። እዚ ይኹንምበር ኣናህብ ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም እዋን ዝወሃቦም ተወሳኺ ተካኢ ጾግ ኮነ መዓር ዕምበባታት፡ ወቕቲ ዕምበባታት ክሳብ ዝጅመር ክሕግዙ ይግባእ።

ኣብ ሃገርና ኣናህብ ምምጋብ ብዙሕ ዝተለምደ ኣይኮነን። ኣናህብና ኣብ ግዜ ጸቡቕ ናይ ዕምባባ ወቕቲ መዓር ከም ዝህቡና ብምርዳእ፡ ኣብ ግዜ ዋሕዲ ዕምበባታት ወይ ፈጺሙ ኣብ ዘይህልወሉ ክንምግቦም ድማ ኣገዳሲ ይኸውን።

ከም ዝፍለጥ ብጸቡቕ ዝተታሕዙ ኣናህብ ውሑድ ሓገዝ መግቢ የድልዮም። ግን ኸኣ ዛዕም ከምዚኦም ዓይነት ኣናህብ ኣብቲ ዘድልየሉ እዋን ተወሳኺ መግቢ ምሃብ ዝያዳ ከም ዝድንፍዑ ይገብሮም። ኩሉ ግዜ ኣናህብ እኹል መግቢ ከም ዘሎዎም ምርግጋጽን ዋሕዲ ቅድሚ ምርኣዩ ድማ እንተ ተመጊቦምን እቲ መፍረ ንህቢ ውሕስነት ዘሎዎን ኣኽሳቢን ወፍሪ ይኸውን።

ምምጋብ ኣናህብ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣናህብ ካብ ክዙን መዓር ወይ ድማ ሽኮር ክምገቡ ይኽእሉ። ሓርጭ ባልደንጓን ካልኦት ጥረታትን'ውን ከም መተካእታ ጾግ ክንቅርበሎም ንኽእል ኢና።

ንኣናህብ ካብ ክዙን መዓር ምምጋብ ዝቐለለን ዝሓሸን እዩ። እዚ ብመጀመርታ ኣብ እዋን ቀውዒ ወይ ድማ መዓር ንሓፍስሉ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ዝረኸብናዮ መዓር ኣብ እዋን ደርቂ ክንጥቀመሉ ምእንቲ፡ ብመልክዕ ፈሳሲ (ዝተጸምቀ መዓር) ወይ ድማ ኣብ ፍሬም እንከሎ ኣጺኒሕና ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና።

ብመልክዕ ፈሳሲ (ዝተጸምቄ) ዝተኸዘ መዓር ብማይ ብምቅጣን ኣብ ቁሩጽ ጃሎን ብምግባር ኣናህብ ንኸይጥሕሉ ድማ ቀጠንቲ ዕንጸይቲ ብምግባር ኣብ ውሽጢ ቆፎ ብምእታው ከም ዝምገቡዎ ምግባር ይከኣል እዩ። ወይ ድማ ብኮማታት ናይ ኮካ ወይ ማይ ሳሓ ኣብ መኸደን ሓንቲ ነኣል ብመርፍእ ብምድላው ጥብጥብ ከም ዝበል ብምግባር ምምጋብ ይከኣል እዩ።

መዓር ከይተጸምቄ ኣብ ፍሬም ከሎ ንጥቀም እንተኼንና ግና ጹጹ ኣናህብን ካልኦትን ክረኽቡዎ ኣብ ዘይክእሉሉ ስፍራ ክዕቀምጠ ይግባእ። ካልእ እቲ መዓር ካብ ካልኦት ኣናህብ ዝተበርበረ እንተኾይኑ፡ እቶም ኣናህብ ካብ ሕማም ዕጹ ናጻ ከም ዝኾኑ ምርግጋጽ የድሊ። ካብ ብሕማም ዕጹ ንህቢ ዝተታሕዙ ዕስለታት ንምግብ እንተቒጽንና ግና ኑቲ ሕማም ናብ ኩሎም ኣናህብ ንዘርግሖ ኣለና ማለትዩ። ካልእ እቲ ፍሬም ዓሰርተ ፍሬማት ካብ ዘሎዎ ቆፎ ክኸውን ይግባእ። ካብ ሸሞንተ ወይ ትሽዓተ ፍሬማት ዘሎዎ ቆፎ እንተኾይኑ ግና እቲ ስፈ መዓር ኣዝዩ ዝረጉደ ስለዝኸውን፡ እቶም ኣናህብ ንኽምግብዎ የጸግሞም። ብተወሳኺ ድማ እቲ ስፈ መዓር ዘይተለብደ ወይ ድማ ኑቲ ልቡድ ብፉርኬታ ብምኽፋት ኣብ ማእከል እቲ ንህቢ ዓሲሉ ወይ ድማ ሰፈሩሉ ዘሎ ስፍራ ክዕቀምጠ ይግባእ። ኣናህብ ኣብ እዋን ጸቡቕ ዕምባባታት ንመዓር ዝለብዱዎ ኾይኑ፡ እዚ ዝተለብደ መዓር ኣብ እዋን ዋሕዲ መግቢ፡ ክዙን መግቢ እናሃለዎም ከይተጠቐምሉ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተዳኸሙ ክኸዱ ይርኣዩ። እቲ ልቡድ መዓር ድማ ብኸልቲኡ ጫፍ ናይቲ ቆፎ ከምኡ'ውን ኣብ ተደረቢ ክፉል ቆፎ ነቒጹ ይርአ። ስለዚ፡ ከምዚ ምኳኑ ተፐዚብና፡ ኣብ ከምዚ እዋን ኑቲ ዝተለብደ መዓር ብፉርኬታ ብምኽፋት ኣብ ማእከል እቲ ዕስለ ብምእታውን ብምጽጋዕን ከም ዝምገቡዎ ምግባር የድሊ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና ንሽኮር ብማይ ኣሕቂቕካ ምሃብ ልሙድ ኣሰራርሓ ኮይኑ ኣሎ። ማይ ሽኮር፡ ሓደ ኢድ ሽኮር ምስ ሓደ ኢድ ማይ (ቀጢን) ወይ ድማ ክልተ ኢድ ሽኮር ምስ ሓደ ኢድ ማይ (ሓፊስ) ብምግባር ድሕሪ ምሕቃቕ ክወሃብ ይከኣል። ብማይ ንዝሓቐቐ ሽኮር፡ ብውሑድ ዓቕን ኣቸቶ ብምሕዋስ ንኣናህብና እንተ ሂብናዮም መተካእታ መዓር ኮይኑ የገልግሎም፣ ብኣናህብ ድማ ኣዝዩ ተጠላቢ እዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ክዕምብቡ ካብ ዝቀራረቡ ዓይነት ቆጽሊ ኣትክልቲ ምስቲ ተዳልዩ ዘሎ ማይ ሽኮር ሓዊስካ ብምፍላሕን ብምዝቃቕን ምሃብ፡ እቶም ኣትክልቲ ምስ ዓምበቡ ቡቶም ኣናህብ ተጠሊቦምን ኣብ እዋን ምብርባር ድማ ናይዚ ተኽሊ'ዚ መዓር ብብዝሒ ተኸዚኑ ንኽንረኽቦ ሓጋዚ እዩ። ንኣወሃህባ ዝምልከት ድማ ከምቲ ኣቐዲሙ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ ምሃብ ፈሳሲ መዓር ይኸውን።

ብኻልእ መገዲ'ውን ንሽኮር ብማይ ከይተብጽበጸ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጥረ ሽኮር ማይ ብምርብራብ ከም ዝርሕስ ብምግባር ጥራይ ምምጋብ ይከኣል እዩ። ኣዚ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ፍሬማት ኣብ ርቐቕ ዝበለ ወረቐት ብምግባር ምቕራብ እዩ። እዚ ኣገባብዚ ኣብ እዋን ጽዑቕ ክረምቲ (ልዑል መጠን ጠሊ ኣብ ዝህልወሉ እዋን) ክንጥቀመሉ ንኽእል።

ሓፊስ ማይ ሽኮር ኣብ ነዊሕ ናይ ሓጋይ ኣዋርሕ ዝወሃብን ኣናህብ ብዝያዳ መግቢ ንኽኽዝኑ ዘኽእሎምን እዩ። ቀጢን ማይ ሽኮር ድማ ዕምበባታት ምቕልቃል ኣብ ዝጀምረሉን ንግስቲ እንቋቑሖታት ምጽፋይ ኣብ እትጀምረሉን እዋን ኮይኑ፡ እዚ ቀጢን ማይ ሽኮር ልዑል መጠን ማይ ኣብቲ ቆፎ ከም ዝህሉ ይገብር። እዚ መጠን ጠሊ'ዚ ድማ ንዕብየት ዕጺታት ንህቢ ሓጋዚ ከም ዝኾነ እዩ ዝሕበር።

ካብዚ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ምድላው መግቢ በዞም ዝስዕቡ ጥረ ነገራት ዝዳሎ እዩ። ንሳቶም ድማ ጥረ ሽኮር፡ መዓር፡ ሓርጭ ባልደንጓ፡ ፊኖ ወይ ድማ ስገም፡ ፋፋ፡ ለቢቶ (ብውሑድ ዓቐን) ብሓንሳብ ኣዳዊስካ ዝወሃብ እዩ። በዚ ዝስዕብ ዓቐን ብሚእታዊት ከሎዳልምም ንኽእል። ሽኮር 72 ሚእታዊት፡ ፋፋ ወይ ድማ ሓርጭ ባልደንጓ 21 ሚእታዊት፡ ሓርጭ ስርናይ ወይ ስገም 7 ሚእታዊት ይኸውን። በዚ ቀሪቡ ዘሎ ኣብኦት ማለት ንሓደ ኸሎን ፈረቓን ውሁድ መግቢ ምድላው ይከኣል።



| ዘድልዩ ጥረ ነገራት | መዐቀኒ | መጠን ወይ ዓቐን | |
|---|---|---|---|
| | | ብግራም | ብሚእታዊት |
| ጥረ ሽኮር | ግራም | 1,100 | 72 |
| ሓርጭ ባልደንጓ(ፋፋ) | ግራም | 300 | 21 |
| ሓርጭ ስርናይ/ስገም | ግራም | 100 | 7 |
| ቪታሚናት | ናይ ሻሂ ማንካ | ½ | -- |
| ለቢቶ | ናይ ሻሂ ማንካ | ½ | -- |
| መዓር | | -- | -- |
| ድምር | | 1,500 | 100 |

ቫይታሚን ብመልክዕ ሓርጭ እንተዘይተረኺቡ ብመልክዕ ከኒና ዝተዳለወ ካብ ፋርማሲ ዓዲግካ ብምድቃስ ምድላው ይከኣል። መዓር ካብ መግብነት ሓሊፉ እቲ ሕውስዋስ ንሓድሕዱ ንኽተሓሓዝ ይሕግዝ።

ስምኦን ሳሙኤል
ክኢላ መፍረ ንህቢ

### ባህላዊ መግቢ ዓፈር

#### መለዋሕ

ኣገባብ ምድላው

ኣሰራርሓኡ ብፊኖ ጌርካ ልክዕ ከም ባኒ ወይ ቅጫ ዝዳሎ ኾይኑ፡ እቲ ፍሉይ ዝገብሮ መባኸዕቲ ዘይኣትዎ ምዃኑ እዩ። ነቲ ልዋሶ ልክዕ ከም ናይ ባኒ ጌርካ ምስ ተቖርሰ፡ ብሽቢብ ዝተሰርሐ ጣውላን ዕንጸይትን ብምድዓኽ፡ ነቲ ከም ባኒ ዝተቖርሰ ሕብስቲ ከም ዝረቅቕ ትገብሮ። ነቲ ዝረቐቐ፡ ቁሩብ ዘይቲ ጌርካ ትዓጽፎ። ናይ ርቡዕ ኩርናዕ ቅርጺ ተትሕዞ። እንደገና ብምድዓኽ ካብ ረቒቕ ናብ ረጒድ ብምቕያር፡ ብገሳእ (መቑሎ) ጌርካ ትስንክቶ። ምስ በሰለ ድማ ከም "ፉታ" ትፍትፍቶ። ብተምሪ፡ ጠስሚ፡ መዓር፡ ባናና ከምኡ'ውን ኣብኡ ኸሎ ጥራዩ ብጸባ ክብላዕ ይከኣል።

#### ሸንሺኖት


ኣገባብ ምድላው


ኩሉ ምድላዋቱ ከም ናይ እንጌራ ኾይኑ፡ ኣበሳስላኡ ግና ይፈላለ። እዚ ድማ ናይ እንጌራ ቅርጺ ሒዙ ብሽቢቡ በብንእሽቶ ኣብ ገሳእ ይስንከት። ምስ በሰለ፡ ብሽኮር፡ ብጠስሚ፡ ብመዓር ኮታ ብዝተረኸበ ንመርዓት ይቕረብ።
ኣሰራርሓኡ፡- ጻዕዳ እኽሊ ይጥሓን። ካብኡ ብለቢቶ ጌርካ ተብኵዮ። ሓፍ ምስ በለ ኣብ ገሳእ (መቑሎ) ይስንከት። ካብኡ ብጸባ፡ ብመዓር፡ ብጠስሚ ከምኡ'ውን ብጥራዩ ክብላዕ ይኽእል።


መብራት ኣብርሃም (ሚ/ሕርሻ)


### ዕድመ ከብቲ ምፍላጥ


ዕድመ ከብቲ ብዘብቍላኦ ብዝሒ ቀወምቲ ኣስናን ክፍለጥ ይከኣል እዩ።



ኣብ ትሕቲ 2 ዓመት ዕድመ ቀዋሚ ስኒ የለን


ኣብ 2 ዓመትን 3 ወርሕን ዕድመ ክልተ ቀወምቲ ስኒ ይህሉ


ኣብ ሰለስተ ዓመት ዕድመ፡ ኣርባዕተ ቀወምቲ ስኒ ይህልው


ኣብ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን፡ ሽዱሽተ ቀወምቲ ኣስናን ይህልው


ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ዕድመ ሸሞንተ ቀወምቲ ኣስናን ይህልው


ልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድመኦ ከኣ ቀወምቲ ኣስናን እናተሸራረፉ ይኸዱ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

# ሻምፕዮን ኤርትራ 2014



ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዓመታዊ ካብ ዘካይዶም ውድድራት ሓደ ዝኾነ ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ሎሚን ጽባሕን ብዝካየዱ ውድድራት ክሮኖ ሜተርን ውድድር ጽርግያን ክሳሳሰል እዩ።

ኣብ ናይ ቀዳም ውድድር ተቐዳደምቲ ኣብ መስመር መቓብር ሓርበኛታት - ጻዕዳ ክርስትያን ዝቐልጠፈ ግዜ ንምምዝጋብ ክጽዕቱ እዮም። ጽባሕ ድማ ኣብ ጎደና ሓርነት ካብ ዝርከብ ኣፍደገ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጀሚሮም፡ ብጎደና ሰማእታት ኣቢሎም ናቕፋ ሃውስ ብምብጻሕ ናብ ጎደና ሰማእታት ተመሊሶም ብባር ዘሊ ኣቢሎም (ብቤት ጽሕፈት ሃገራዊ መድሕን ምኳኑ እዩ) ናብ ማይ ጃሕ ጃሕ ክቕንዑ እዮም። ብምቕጻል ተሪር ዓቐብ ገዛ ባንዳ ደይቦም ናብ ማይ ጭሆት ብምሕዋስ ብሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣቢሎም ናብ ጎደና ሓርነት ክምለሱ እዮም። ብሓፈሻ እቲ ውድድር ምስ ናይ ዝሓለፈ ውድድራት ተመሳሳሊ ኮይኑ 166.4 ኪሎሜተር ድማ ይሸፍን።

ሎሚ ኣብ ዝካየድ ውድድር ክሮኖ ሜተር ተቐዳደምቲ 18 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እዮም። ኣብዚ ድማ 74 ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን (13 ውልቂ እዮም) ኣብ መወዳደሪ ቦታ ክርከቡ መደብ ኣሎ። ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል፡ ከምኡ እውን ደቡብ፡ ዓንሰባ፡ ጋሽባርካን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ዝሳተፍዎ ውድድር ክሮኖ ሜተር ደቂ ኣንስትዮ ድማ 15 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።

ብዘይካዚ 90 ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን እውን ሻምፕዮን ኤርትራ ንምኳን ውድድር ተሰሪዑሎም ኣሎ። ኣብዚ ውድድርዚ ብዘይካ እቶም ኣብ ክለባት ዝተጠርነፉ ተቐዳደምቲ 42 ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ እውን ከሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

ዝሓለፈ ዓመት መትከል ክፍላይ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ኤርትራ ኮይኑ ምሽላሙ ይፍለጥ። ኣቡቲ ልዑል ግምት ዝወሃቦ ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ ሜሮን ተሾመ ብዝካኣድ ናይ ቅጽበታዊ ብቕዓት ሻምፕዮን ናይቲ ዓመት ክኸውን ምኽኣሉ ናይ ትማሊ ተዘክሮ እዩ።

ሻምፕዮን ኤርትራ ክልቲኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ውድድር እዩ። ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝፈልዮ እንተሎ ድማ እቶም ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ዝሳተፉ ተቐዳደምቲ እውን ንመጀመርታ ግዜ ዘውዲ ሻምፕዮን ንምድፋእ ዝጻወቱ ምኳኖም እዩ። በዚ ድማ ቁጽሪ ተቐዳደምቲ ዘይ ከም ዝሓለፈ ዓመታት ክዕብር'ኽ እዩ። ኣብዚ ውድድር እዚ ብዘይካ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካልኦት ሱታፌኦን ኣረጋጊጸን ምህላወን ድማ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ የረድእ።

ናብ ጸወታ ምስ እንምለስ፡ ውድድር ክሮኖ ሜተር ዋላ'ኳ ከምቲ ናይ ጽባሕ ውድድር ልዑል ግምት ዝወሃቦ ውድድር ኣይኹን፡ 'ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ' ዝብል ክብሪ ዘወሃብ ብምኳኑ ግን ንተቐዳደምቲ ኣገዳሲ ይግበሮ። ኣብዚ እቶም ምስ ናይ ወጻኢ ክለባት ዝቀዳደሙ ዝሓሸ ዕጥቂ ከምኡ እውን ብቕዓት ክርእዩ ልዑል ግምት ኣሎ። ተቐዳደምቲ ክለባት ውሽጢ ሃገር እውን ዋላ'ኳ ሰናፋት እንተዘይኮኑ፡ ብዙሕ ናይ ክሮኖ ሜተር ውድድራት ምስ ዘይምኳየዶም (ስለዘይተሰርዓሎም) መጠናዊ ሕጽረት ተሞክሮ ከይገጥሞም ስግኣት ተንተንቲ ቅድድም ብሽክለታ እዩ።

ኣብ ውድድር ክሮኖ ሜተር 2013፡ ልዑል ምስሕሓብ ዝተራእዮ ጉዳይ እንተነብረ፡ ዳንኾት ነይሩ። ውድድር ክሮኖ ሜተር ምስ ግዜ ቅልስ ከም ምኳኑ፡ ዕቱብ ከምኡ እውን ጥንቁቕ ስራሓት ዝሓትት ምኳኑ መስክሩለይ ኣየድልዩን። ዝሓለፈ ዓመት ውጽኢት ንኽሽንገር ሰዓታት ንዝወሰደ ፍጻመ ካብ ኣእምሮ ብዙሓት ሰባት ከምኡ እውን ንሓያለ ሰባት ኣብ ክትዕ ዝሸመመ ምንጋር ውጽኢት ናይ ትማሊ ተሞክሮ እዩ። እቲ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ስምብራት ዝገደፈ ፍጻመ ሎሚ ዓመት ክድገም ዘይግብኦ ምኳኑ ብኣጋኡ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

ልዑል ክብሪ ዝወሃቦ ውድድር፡ እቲ ጽባሕ ዝካየድ ናይ ጽርግያ ጸወታ እዩ። ኣብዚ ውድድርዚ ሜሮን ተሾመ ኑቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብሩ ንምዕቃብ ዘካይዶ ቅልስ፡ ልዕሊ ማንም ተቐዳዳማይ ተጠማቲ ይገብሮ። እቲ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስቤኮ ነበር፡ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ክለብ ኤምቲኤን ተሰጋጊሩ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዑል ተሞክሮ ደሊቡ ይርከብ። ሜሮን ዝያዳ ዝልለየሉ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ኮይኑ፡ ኣብ ጉዕዞ እውን ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ተሞክሮኡ ኣብ ዝሓሸ ብቕዓት ከምዝርከብ መቕርቡ የረድኡ።

ውድድር ሻምፕዮን ናይ ውልቂ እኳ እንተኾነ ኣብ ገለ ገለ እዋናት ተቐዳደምቲ ክተሓጋገዙ ይረኣዩ እዮም። ዝሓለፈ ዓመት ሜሮን ርእሶም ንወዲ ጋንታኡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤምቲኤን ጃኒ ተወልደ ዘርኣዮ ምሕጋዝ ድማ ብቐረባ ክጥቀስ ይከኣል።

ስለዚ፡ ሎሚ ዓመት እውን ጋንታታት ኣብ ተቐዳደምተን ገለ ናይ ሓባር ጸወታ ክርኢያ ትጽቢት ኣሎ። እንተኾነ፡ እቶም ወሰንቲ ተቐዳደምቲ ኣብ ናይ ደገ ክለብ ይጻወቱ ምስ ምኳኖም፡ ካብ ናይ ውሽጢ ሃገር ተቐዳደምቲ - ደቂ ጋንታኦም ነበር - ዝረኽብዎ ሓገዝ ከምቲ ዝድለ ከይከውን ይኽእል። ንኣብነት፡ መርሃዊ ቁዱስ ኣደ ክለቡ ኣስቤኮ እያ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ምስ ከም ተስፎምን ዳንኤልን ኣብ ክለብ ኤምቲኤን ይርከብ። ስለዚ እቲ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ክመቓቐል ድማ ባህርያዊ እዩ።

ሻምፕዮን ኤርትራ ሎሚ ዓመት ንሻዱሻይ ግዜኡ ክሳሳሰል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከም ዳንኤል ተኽለሃይማኖት (ክልተ ግዜ)፡ ፍረቓልሲ ደበሳይ፡ ሜሮን ርእሶምን ሜሮን ተሾመን ኑቲ ውድድር ክዕወትሉ ምኽኣሎም ይፍለጥ። ነዚ ክብሪ'ዚ ዝረኸቡ ተቐዳደምቲ ድማ ኪኖ ኀብለል ውሽጢ ሃገር ምኳን ናይ ወጻኢ ስልጠና ክረኽቡ እውን ኣኽኢልዎም እዩ። በዚ ድማ ኣብ ውድድራት ውሽጢ ሃገር ዝጽመዱ ተቐዳደምቲ ነዛ ኣብ ዓመት ሓንሳብ እትካየድ ውድድር ልዑል ምድላዋት ይገብሩ።

እቶም ምስ ናይ ወጻኢ ሃገር ክለባት ዝጻወቱ ተቐዳደምቲ ድማ ኣብ ክለቦም ፍሉይ ክብሪ ክረኽቡ ነዚ ውድድር እዚ ልዑል ግምት ከምዝህብዎ ርዱእ እዩ። ኣብ ክለቦም ድማ ፍሉይ ማልያ ወደዮም ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ክስለፉ ስለዘኽእሎም ነዚ ክብሪ ንምርካብ እዚ ክሳብ መወዳእታ ይቃለሱ።

ንኣብነት፡ ኣብ ታሪኽዚ ውድድር ቀዳማይ ሻምፕዮን ዝኾነ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት ኣብ ክለብ ኤም.ቲ.ኤን ብባንዴራ ሃገሩ ማልያ ክስርሓሉ ኣብዚ ውድድር ከንጸባርቕ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ ተቐዳዳማይ ክለብ ዩሮፕ ካር - ናትናኤል ብርሃነ እውን ኣብ ክለቡ ፍሉይ መለለይታ ክህልዎ ነዚ ክብሪ'ዚ ክንናጸፍ ይግብኦ።

ንብቕዓት ሓደ ሓደ ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ምስ እንዕዘብ፥

- ካብ ሻምፕዮን ኤርትራ ብቐጥታ ናብ ውድድር ዶልፊን ዘቕንዐ ናትናኤል ሓንሳብ እውን ሻምፕዮን ሃገሩ ኮይኑ ኣይፍለጥን። እቲ ንሳምንታት ኣብ ጽዑቕ ልምምድ ተጸሚዱ ዝጸንሐ ተቐዳዳማይ፡ ነዚ ውድድር እዚ ፍልይ ምድላዋት ገይሩ ምህላው የረድእ። ናትናኤል፡ ክሳብ ሕጂ ክዕወተላ ኣብ ዘይከኣለ ውድድር ሻምፕዮን ድማ ስሙ ከጽሕፍ ኣዝዩ ብሂጉ ምህላው ይሕበር።

- መርሃዊ ቁዱስ ኣብ ከም ዙር ቱርኪ ከምኡ እውን ኣብ ማለዥያ ዝተኻየደ ውድድራት ጽቡቕ ውጽኢትን ብቕዓትን ምርኣዩ ይፍለጥ። እቲ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤምቲኤን፡ ኣብ ውድድር ብዘገጠሞ ማህሰይቲ ኣብዚ ውድድር እዚ ናይ ምስታፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ድሕሪ ምጽናሕ ማልያ ናይ ቅድም ክለቡ ወደዩ ኣብ መወዳደሪ ቦታ ከምዝርከብ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

- ምስ ዓባይ ክለብ ግሪን ኤጅ ዝተጻወተ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ ኑቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ክብሩ ደጊሙ ኣብ ኢዱ ንምእታው ድሉው ምህላው እዩ ዝገልጽ።

- ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ተስፎም ዑቕባማርያም፡ ሜሮን ተሾመን ኣብ ዙር ሩዋንዳ ፍሉይ ብቕዓት ዘንጸባረቑ መትከል እዮብን እውን ኣብዚ ውድድር እቶም ልዑል ጠመተ ዝረኽቡ ተቐዳደምቲ እዮም።

- ብዘይካ እቶም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ተቐዳደምቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ተቐዳደምቲ እውን ኣብዚ ናይ ሓንቲ መድረኽ ውድድር ቅያ ክሰርሑ ግምት ብዙሓት ሰዓብቲ ብሽክለታ ኣሎ። ኣብ ከም ዙር ኣልጀርያ ዘንጸባረቑ መኽሰብ ደበሳይ፡ የናስ ተኽሉተ ከምኡ ድማ ጽቡቕ መሸከል ዘለዎ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ካልኦትን እውን ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ናይዚ ውድድር እዮም።

## ሽንገር ውዕሉ ከናውሕ ተሰማሚዑ

ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር፡ ምስ ክለቡ ንዘለዎ ውዕል ከናውሕ ኣብ ስምምዕ ምብጽሑ ደይሊ መይል ሓቢሩ።

ኣብዘን ቀረባ መዓልታት ክታሙ ከንብር መደብ ሒዙ ዘሎ ቨንገር፡ ዝጸንሖ ውዕል ኣብዚ ዓመት ዘብቅዕ ኮይኑ፡ በዚ ሓድሽ ስምምዕ ክሳብ 2017 ኣብ ሜዳ ኢማራትስ ክጸንሕ እዩ። እቲ ወዲ 64 ዓመት ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ፡ ክታሙ ምስ ዘንብር 24 ሚልዮን ፓውንድ ክኽፈል እዩ። እዚ ድማ ንዓመት 8 ሚልዮን ፓውንድ ይኸውን ኣሎ። ድሕሪ ትሽዓተ ዓመታት ጽምኢ ጽዋእ ኣርሰናል ዘርወየ ቨንገር፡ ነታ ዋንጫ ኤፍ ኤ ዝዓተረት ጋንታ ናብ ዝበረኸ ከደይብ ንምማዝኢ ተጻወትቲ 100 ሚልዮን ፓውንድ ተሰሊዑሉ ይርከብ። በዚ ድማ እቲ ኣሰልጣኒ ነታ ጋንታ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ልዑል ተወዳዳርነት ከተርኢ መደቡ ክሰርሕ ምኳኑ ተዛሪቡ።

መዘኑት ምስልጣን ኣርሰናል ድሕሪ ምርካቡ ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ኤፍ ኤ ዘልዓለ ቨንገር፡ ኣብ ኣርሰናል ኣስታት 18 ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ንሱ ንኣርሰናል ኣብ 17 ተኸታታሊ ውድድራት ሻምፕዮንስ ሊግ ምብጽሑ ይፍለጥ።



## ሃገራዊ ኮሚቴ ጸረ-ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ገምጋም ኣካይዱ

ሃገራዊ ኮሚቴ ጸረ-ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ኤርትራ (Eritrean National Anti-doping organization) ኣብ ዓመት 2013 ዘካየዶም ንጥፈታት ዝገምገመ ኣኼባ ኣካይዱ።


ኣብ መኽፈቲ ናይ ገምጋም ፕረዚደንት ናይቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ብ/ጀነራል ተኪኤ ርእሶም ኣብ ዘስምዕዎ ቃል እቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ካብ ዝምስረት ክሳብ ሕጂ ከሳስሎ ብዘጸንሖ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣፍልጦ ጎዳእነት ዶፒን ኣብ ማሕበረሰብ ስፖርት ንምዕባይ ዕዙዝ ተራ ምጽዋቱ ብምምልካት ንመጻኢ'ውን ሰፋሕቲ ናይ ምግስጋስ ስራሓት ንምኽያድ መደብ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ዋና-ጸሓፊ'ቲ ሃገራዊ ኮሚቲ ኣቶ መሓሪ መብራህቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ስራሕ 2013 ድማ እቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ፡ ምድላው ትምህርታዊ ስልጠና ከምኡ'ውን ምስታፍ ኣብ ዞባዊን ኣህጉራዊን ዋዕላታትን ምኽያድ መርመራታትን ኣብ ዘተኮሩ ስራሓት ክነጥፍ ምጽንሑ ገሊጹ። ክልተ እዋን ኣብ ልዕሊ 20 ኣትሌታትን ተቐዳደምቲ ብሽክለታን ኣብ ዘካየዶ መርመራታት ዝተረኽበ ኣሉታዊ ውጽኢት ከምዝየለ ዝሓበረ ኣቶ መሓሪ፡ ኣብ ዝበዝሓ ኣባል ሃገራት ተጠቃምነት ዶፒን ንምክልኻል በዓሊ ኮይኑ ዝርከብ ስራሕ ዘይምህላው ንጹር ውሽጣዊ ኮድን መምርሒታትን ዶፒን ምኳኑ ብምምልካት ሃገራት ቀንዲ ንጥፈታተን ኣብ መርመራታት ምኽያድ ጥራይ ከይተሓጸራ ጎዳእነት ሓይሊ ዝህቡ መድሃኒታት ኣብ ስፖርት ንምብራኽ ኣብ ዘተኮሩ ንጥፈታት ዝያዳ ክሰርሓ ዝበለጸ ሜላ ምክልኻል ምኳኑ ኣስሚሩሉ።


ሃገራዊ ኮሚቴ ጸረ-ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ኤርትራ (E.N.A.D.O) ኣብ መጠቓለሊ ጸብጻቡ ኣትሌታት ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ብዘወስድዎ መድሃኒታት ተሓተትቲ ምኳኖም ብምግላጽ ቅድሚ ናብ ኣህጉራዊ ውድድር ምቕራብምም ንዝምልከቶም ኣባላት ኮሚቴ ጸረ-ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ብምውካስ መምርሒታት ንምርካብ ድሉዋት ክኾኑ ለበዋኡ ኣመሓላሊፉ።

ህዝባዊ ርክባት
ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ





ሩት ተሰፋይ



# እቲ ሃላይ ኣድጊ

“እንዳ ጎይታይ ከመይ ኣምሲኹም?” በለ ኣድጊ ኣዝዩ ስግኣት ተሰሚዕዎ። “ኣነ ኣድጊ’የ። ዘረባ ነይራትኒ’ሞ ከዕልል’የ ደልየ” በለ ሰለማዊ ምኻኑ ከብርህ ብትሑት ቃና።

“እቶ” በሎ ዝበኣ ደንደላ ከፊቱ።

ኣድጊ ብዝበኣ ተመሪሑ ኣብ መንን ኣዛብእ ኮፍ ኢሉ ከዕልል ኣምሰየ። ኮራኩር ኣዛብእ መዳቕሰኦም ምስ ሓዙ ውራይ ዘምጽኦ ክገብር ፍኒሕኒሕ በለ። ብዛዕባ ህይወት ገመልን ናቱን ድማ ኣዕለሎም።

ብጽሞና ክከታተልዎ ዘምሰዩ ሰድራ ዝበኣ “ክልቴኹም ብዘይ ሱብ ትኸዱ?” በልዎ ኣፎም ማይ መሊኡ።

“እወ፡ ከም’ዛ ዘዕለልኩኹም በይንና ንመጽእ በይንና ንኸይድ። ስለዚ ኣብ ማእከል’ቲ ባሕሪ ኣደቢና ጸኒሕና ዝኢ ርጉም ሱብ ከም ቀደሙ መሬት ኣማንዩ ዘሎ ኢሉ እናተጓዕዘ ሃንደበት ሓደጋ ንወድቖ። ሽዑ መወርሒኹም ስጋ ትረኽቡ። ንሕና ድማ ካብ መጕዚኡ ንድሕን።” ኢሉ ንህርፍርፎት እቶም ሰድራ መለሱ ኣዛየዶ።

ሰድራ ዝበኣ ምሉእ ብምሉእ በቲ ሓሳብ ተሰማሚዖም፡ ንኣድጊ ኣንዛ ጠጠዕ ኣብ ዝተነጸፈ ንእዲ ኣደቀስዎ።

ገመል ንጽባሒቱ ምሸት ከም ልማዱ ኣሕምልቲ ዝመልኣ ካሴታ ተሰኪሙ ንድራሮም ዝኸውን ሳዕሪ ጸዒኑ ጉዕዞኡ ፈለመ። ሊዩቲ ኣትዩ ኣድጊ ክቕበሎ እናተጸበየ፡ ኣብ ቤት ስለ ዘይጸንሖ ኣመና ተሻቀለ።

እግሩ እትው ከይበለ ድማ “ሓወይ’ከ ድኣ ኣበይ ኣሎ?” በሎ ኑቲ ሸቃጣይ።

እቲ ሸቃጣይ ጽዑት ገመል እናራገፈ “ትማሊ ካብ’ዛ ቤት ምሳኻ ምስ ወጸ’ዩ። ኣነ’ውን ከይተመልሰ ምስ ደንጎየ እሞ ብሓንሳብ ከይደም ኣለው ኢለ’የ ቀሲነ ሓዲረ።” በለ ሕቖ ገመል እናደረዘ።

“ኣፋንዩኒ እንደዩ ተመሊሱ። እዚ ሓወይ’ሲ ብደሓኑ’ዶ ይህሉ? ኣበይ ኢለ’ኸ ክረኽቦ’የ?” ዝበሉን ካልኦትን ሓሳባት ኣብ ሓንጎሉ እናተመላለሱ ከሻቕልዎ ስለም ከቢለ ሓደረ። ሊዩቲ ወግግ ምስ በለ ደንዳላ ገቦ ከፊቱ ብምውጻእ ኣብ’ታ ደሴት ሃሰው ክብሎ ኣርፈደ። እንተኾነ ኣሰር ኣድጊ ክረክብ ኣይከኣለን። ምናልባት ኣብ ሕዛእቲ ኣትዩ ተዘሪዑ ከይከውን ብምባል ኣብ እንዳዝርዓይ

## 3ይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ከይዱ ኣጣየቐ። ትማሊ ይኹን ሎሚ ዝተዘርዐ ኣድጊ ከም ዘየለ ተሃገሮ። “እዋይ! ሓወይ” በለ ገመል ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎ። መሪር ጸሓይ መንበስበስትኡ እናወቕዖቶ ድማ እኽሊ ከይለኸፈ ምድላዩ ቀጸለ።



ጸሓይ ብርሃና እናሃሰሰ ከደት። ገመል ብሰልከም ምድላዩ እናቐጸለ ተስፋ ዝህቦ ጩራ ግን ስኣነ። ሊዩቲ ሱብ ብድቕሱ ዝወጸ ገለ ነገር ከየፍረየ ጸሓይ ናብ ምዕራብ ተቓረበት። “ኣሕ! ዓረብ” በለ ብድኻም ተሰኪፉ ንበዓት ክሰዕሮ እናደለየ። ቀጨውጨው እናበሎ ናብታ ዝሓድረላ ቤት ብዘይፍረ ተመልሰ። “እዚ ሓላል ሓረስታይ ከይቀሰለ ሓዲሩስ ሎሚ ኸኣ ዘኖቕሰን ወረ ሐዘሉ ክምለስ’የ” ምስ ኑብሱ እናንጸርጸረ ኣብ ገቦ በጽሐ።

እቲ ሸቃጣይ ሕዙን ገጽ ገመል ተዓዚቡ ኣዝዩ ጓሃየ። ስሕዋት ጸጉሪ ርእሱ እናደረዘ “ኣንታ ገመል ክሱብ ክንድኡ’ባ ኣይትሻቐል። ገለ ብሩኻት ሕማሙ ዝራኣዩ ኣብ ቤቶም ኣዕቚቦሞ ይህልው ይኾኑ። ከምኡ ጌርካ ኑብስኻ ኣይተውድቕ።” በሎ ኣብ ክሳዱ እናሸሓረ።

ገመል ክሳዱ ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ “ከም ኣፍኻ” ይግበሮ በለ።

“ኣነ’ውን ብወገነይ ኣብዚ ደሴት ጸቡቕ ጌረ ከጣይቕ’የ። ሕጂ ግና ንስኻ ቁሩብ ኣዕሪፍካ ውራይ ጉዕዞኻ ግበር” ኢሉ ኣብ መብልዒኡ መግቢ ቀረበሉ።

ኣድጊ ዝወጠኖ ዕላማ ክወቅዕ መጻወድያኡ ኣትሪሩ ክኣስር ምስ ዕስለ ሰድራ ኣዛብእ ነቐለ። ኣብ ገምገም’ቲ ባሕሪ ኮይኖም ሓንሳብ ደው ድሕሪ ምባል፡ ገመል ከየርክቦም ባሕሪ ምጋሽ ከይጀመረ እንከሎ ንውሽጢ እትው ክብሉ ከም ኣመራጺ ወሰድዎ።

ገመል ዘይቀሰነ ውሽጡ ሕርኽርኽ እናበሎ ብድኻም ዝተሰኮፉ ኣብራኹ ብሓይሊ እናልዓለ ጉዕዞ ፈለመ።

ኣድጊ ምስ ጭፍራኡ ባሕሪ ፍርቂ ኑቦሮም ክሱብ ዝበጽሕ ንውሽጢ ኣተወ። ባሕሪ ብዘቑሩብ ካብኦም እናርሓቐ ምስ ከደ ካብቲ ገምገም ባሕሪ ንውሽጢ ኣትዮም መመዘገቦም ሓዙ።

ገመል ዝሰልከየ ኣብራኹ እናደርበየ “ሎምስ ማራ’የ ደንገየ ዘለኹ ባሕሪ ገይሹ ጸኒሑኒ” በለ ብኣግርሞት።

ብምዱንጓይ ገመል ዝተሻቐለ ኣድጊ ዕላማኡ ከይፈሸለ’ሞ ኣዛብእ ኣምሲየ ሕርቓርቖቶም ንዕኡ ከይሳሃልዎ ኣመና ፈርሀ።

ገመል ቁሩብ ስጉምታት ምስ ተጓዕዘ፡ ኣብ ልዕሊ ድኻሙ ኑብሱ ግፍፍ ስለ ዝበሎ “እዛ መገዲ ከይሰገርክዋ ባሕሪ ክምለስ’የ” በለ። ከምቲ ስልኩይ ኣሳገምኡ ጉዕዝኡ ኣይቀጸለን። ዕንድ ኢሉ’ውን ደው በለ። ዝነ ኢሉ ገጽ’ቲ ሕያዋይ ሓረስታይ እናተቐጀሎ ተማትኦ።

ኣፎም ማይ መሊኡ ዘምሰየ ኣዛብእ ትጽቢት ነዊሕዎም ጉረምረም ምባል ጀመሩ። ጸልሚቱ ዝጸንሐ ምድሪ ብበርሃን ወርሒ ተቐየደ። ዓቕሎም ዝጸንቀቑ ኣዛብእ “ንዓ’ታ ሓሳዊ ንዓና ድኣ ኣብ ባሕሪ ኣእቲኻ ብኢድ ሱብ ክተጥፍኣና ደሊኻ’ምበር በዚስ ዝሓልፍ ገመል የለ ወላድ ገመል የለ። ኣይሰለጠካን ደኣ’ምበር መጻወድያኻስ ናባና ዝቐንዐ’ዩ ነይሩ።” ኢሎም ንኣድጊ ተሳሂልዎ።

እቲ ብፍርሒ ተዋሒጡ ብርሃጽ ጅብጅብ ዝንፈርፈር ዝበረ ኣድጊ። “ኡይ…ኡይ…ኡይ… ገመል ሓወይ … ገመል ሓወይ ተመለስ …ተመለስ። ኑበሰይ ሃሰየ ንዓኻ ከይልክመካ። ተንኮለይ ናባይ ተገምጢሉ’ዩ። ተመለስ ኑበስኻ ኣድሕን…ተመለስ ኑበስኻ ኣድሕን” ኢሉ ኣካላቱ እናተብዘበዘ ኣእወየ።

ገመል ኣውያት ሓው ምስ ሰምዐ ኑብሱ ግንብንብ በሎ። ካሴትኡ ደርብዩ ድማ ብምሉእ ሓይሉ እናጋለበ ኣብ ቤት ሸቃጣይ በጽሐ። ኣብ መገዲ ዘጋጠሞ ድማ ኣዕለሎ። ንጽባሒቱ ተተሓሒዞም ናብቲ ሕያዋይ ሓረስታይ ብምኻድ፡ ትህኪት ዘወለዶ ተግባራት ኣድጊ ናብ ዘይውጻእ መዓት ከም ዝሸመሞን ዕምሩ ከም ዘሕጸረን ኣዘንተውሉ።

*ተፈጸመ*

*ጆ/ሜ ደጀን ተኽለ*

# ኣዛምድ

| | | |
|---|---|---|
| Bus | - | ኣውቶቡስ |
| Car | - | መርከብ |
| Bicycle | - | ጃልባ |
| Airplane | - | ኣውቶብስ |
| Boat | - | ባቡር |
| Ship | - | መኪና |
| Train | - | ብሽክሌታ |

## ካብዘን ትዕዘብወን ዘለኹም ክልተ ስእልታት 12 ፍልልያት ርኸቡ

